ኢፕድ
# ወጋሕታ

4ይ ዓመት ቑፅሪ 19 12 መጋቢት 2016 ዓ.ም | ሓሙስ | ብር 10.00

# ድሕሪ እቲ ስምምዕነት ንትግራይ ሰፊሕ ሓገዝ ከምዝተገበረ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም

• ውግእ ንዝደልዩ ሰባት ህዝቢ ትግራይ ይኣኽለኩም ክብሉዎም ይግባእ ኢሎም



ኣዲስ ኣበባ፡– ድሕሪ ሰላም ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ንትግራይ ሰፊሕ ሓገዝ ገይርና ኢና፤ ብቀፃሊ ዘተን ብመንፈስ ምርድዳእን ተሓጊዝና ብዙሕ ክንሰርሕ ኢና ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ተዛሪቦም፡፡

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ምስ ተወከልቲ ማሕበረሰብ ክልል ትግራይ ኣብ ዝገብርዎ ዘተ ከምዘፍለጥዎ፤ ድሕሪ እቲ ስምምዕነት ኣብቲ ክልል ምርግጋዕ ተፈጢሩ 'ዩ፤ መንግስቲ'ውን ዝተፈላለዩ ሓገዛት እናገበረ'ዩ።

ድሕሪ እቲ ስምምዕነት... ገፅ 6



እዮብ ተካልኝ (ዶ/ር)

## ኣብ ክልል ትግራይ ብዝነበረ ኹናት ምኽንያት ገንዘብ ጡረታ ዘይተኸፈሎም ጡረተኛታት ንክኽፈሎም ተወሲኑ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ዝነበረ ኹናት ምኽንያት ገንዘብ ዘይተኸፈሎም ጡረተኛታት፤ ብፖለቲካ ውሳኔ መሰረት ደሞዝ ንክኽፈሎም ከምዝተወሰነ ሚኒስትር ዴኤታ ገንዘብ ኣባል ቦርድ ፈንድ ጡረታ ዶክተር እዮብ ተካልኝ ገሊፆም፡፡

እቶም ሚኒስትር ዴኤታ ከምዝበልዎ ፤ መዋጮ

ኣብ ክልል ትግራይ ... ገፅ 6

## ዓብዩ ሰብ ካብ ዓብዩ ዓዲ

ሄርሞን ፍቃዱ

ኣዲስ ኣበባ፡- ሰብ ዓብዩ ዘብሎ ዕድምኡ ዘይኮነስ ምግባሩ 'ዩ፡፡ሰብ ካብ ባዕሉ ሓሊፉ ንቤተሰቡን ንኸባቢኡን ፅቡቕ መርኣያ እንትኸውን ድማ ዓብዩ ሰብ ይበሃል፡፡

ኣይተ ኪሮስ ኣስፋው ይበሃሉ፡፡ነባርነቶም ከተማ ዓብዩ ዓዲ እንትኸውን፤ዕድምኦም 56 'ዩ፤በዓል ሓዳርን ኣቦ ሓሙሽተ ቖልዑን ዮም፡፡ ፈታዊ ዓዶም ጥራሕ ዘይኮኑስ ምፍታዎም ብተግባር ዝገለፁ ግዱስ ዜጋ 'ዮም፡ ፡ነዚ ኣመልኪቶም ድማ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ዝስዕብ ሓሳቦም ይገልፁ፡፡

ኣይተ ኪሮስ በዓል ሞያ ሕክምና (ነርስ) 'ዮም፤ እዞም ግዱስ ሰብ ንግድብ ኣባይ ዘለዎም ፍቕሪ እንትዛረቡ ቃሕ እናበሎም 'ዮም ዝዛረቡ፡፡ ፍርቂ ደመወዞም ንግድብ ኣባይ ብቦንድ መልክዕ ን102 ኣዋርሕ እናኸፈሉ ከም ዝፀንሑ ይዛረቡ፡፡

ፈለማ ቦንድ ምኽፋል እንትጅምሩ ንሰለስተ

ዓብዩ ሰብ ... ገፅ 6



ኣይተ ኪሮስ ኣስፋው

## ሕቶ ኣፍ ደገ ባሕሪ ፀገም ኢኮኖሚያዊ፤ፖለቲካዊ፣ ወታደራዊን ፀጥታን ዝቐርፍ "ዩ ተባሂሉ

መሰረት ገብረዮሃንስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያ ዘቕረበቶ ሕቶ ኣፍ ደገ ባሕሪ ፀገም ኢኮኖሚያዊ ፣ፖለቲካዊ፣ ወታደራዊን ፀጥታን ዝቐረፍ 'ዩ ክብሉ ሓላፊ ዘፈር ጉዳይ ፖለቲካ ብልፅግና ጨንፈር ትግራይ ኣይተ ጎይቶኦም በርሀ ገሊፆም ፡፡

ኣይተ ጎይቶኦም ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ከምዝገለፅዎ ፤ ሃገርና ኢትዮጵያ ዓባይ ሃገር 'ያ፤ ሰፊሕ ህዝቢ ዘለዋ 'ያ፡፡ ብፍላይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ካብ

‹‹ ሕቶ ኣፍ ደገ ... ገፅ 6

"ምዝታይ ዘድለየ እቲ ስምምዕነት ናብ ሙሉእነትን ካበኡ ንላዕልን ንምውሳድ 'ዩ"

-ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር)

ገፅ 4

‹‹ዳያስፖራ ንፅባሕ ዘይባሃል ዋኒን ከምዘለዎ ፈሊጡ ንትግራይ ክበፅሓላ ኣለዎ››

ኣይተ ጎይቶኦም በርሀ

ገፅ 5

# “ልምዓት ኮሪደር ልክዕ ከም ኢትዮጵያ ዝኾነት ርእሰ ከተማ ንምፍጣር ዝዓለመ ‘ዩ”

- ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር)

በሪሁ ኣረጋ



ኣዲስ ኣበባ:- እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጀመረ ልምዓት ኮሪደር ሰሓቢትን ልክዕ ከም ኢትዮጵያ ዝኾነትን ርእሰ ከተማ ንምፍጣር ዝዓለመ ‘ዩ ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ገሊፆም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ከምዝገለፅዎ፤ እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጀመረ ብርክት ዝበለ ስራሕቲ ልምዓት ኮሪደር ሰሓቢትን ልክዕ ከም ኢትዮጵያ ዝኾነትን ርእሰ ከተማ ንምፍጣር ዝዓለመ ምዃኑ ምግንዛብ ይግባእ።

ነቲ ልምዓት ኮሪደር ንምክያድ ሓፁር፣ ገዛን መስርሒ ቦታን ማሕበረሰብ ነፍርስ ዘለና ነታ ከተማ ብዝኣትውናዮ ቓል መሰረት ንምምዕራግን ልክዕ ከም ኢትዮጵያ ዝኾነት ርእሰ ከተማ ንምፍጣርን ምዃኑ ተገንዚብኩም ዝተጎዳእኹም እንተሃሊኹም ‘ውን ብናይ ይቕረታ መንፈስ ንኽትተሓባበሩና ይሓትት ኢሎም።

ዘይተሃነፀ ሃገርን ከተማን ዝተደጋገመ ምፍራስ ከምዘጋጥሞ ዝተዛረቡ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ መንግስቲ ፌደራልን ኣመራርሓታት ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባን ተሓባቢርና ሽዱሽተ ወርሒ ኣብ ዘይመልእ ግዜ ውሽጢ ነቶም ሕዚ ዘፍረስናዮም ስራሕቲ ፀጊንና ንኣዲስ ኣበባ ብዝኣትውናዮ ቓል መሰረት ሰሓቢት ንምግባር ቀትርን ለይትን ክንሰርሕ ኢና ኢሎም።

ኣዲስ ኣበባ ድሕሪ ሒዲት ዓመታት ኣብ ኣፍሪካ ካብ ዘለዋ ርእሰ ከተማታት ብዘይካ ኬፕታውን ዝወዳደራ ከተማ ከምዘይህልው ብተግባር ነርእየኩም ጉዳይ ‘ዩ ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ፤ ነበርቲ ከተማና ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንዝስርሑ ስራሕቲ ልምዓት ብምሉእ ልቢ ምምልካት እንተዘይክኢልኩም ቐፃሊ ዝፍጠር ነገር ንምግንዛብን ተስፋ ንምስናቕን ክትፅገሙ ኢኹም ክብሉ ተዛሪቦም።

ከም ገለፃ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ኢትዮጵያ ብብዙሕ ነገር ንድሕሪት ቐርያ ‘ያ፤ ስለዚ ቕልጣፈ የድሊ ‘ዩ። ንድሕሪት ካብ መንጎ ዝተረፍናሎም ጉዳያት እቲ ሓደ ደረጃ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ‘ዩ። ንሕና ብዲዛይን ባዕዳውያን ገዛእቲ ሃገራት ሓደ ሓደ መሰረታዊ ስራሕቲ ዝተሰርሐሎም ባህርያት ሃገራት ኣፍሪካ የብልናን ኢሎም።

ኣብ ዝቕፅሉ ዓመታት ንዝጀመርናዮም ፕሮጀክትታትን ተነፃፂሎም ዝርከቡ ተራኺቦም ንኣዲስ ኣበባ ሰሓቢት ናይ ምግባር ሕልምና፣ ድልየትናን ንህዝብና ቓል ዝኣትውናዮ ስራሕን ተግቢርና ኣዲስ ኣበባ ናይ ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነትስ ናይ ኣፍሪካ ርእሰ ከተማ ምዃና ክነረጋግፅ ኢና ክብሉ ገሊፆም።

ሃገርን ከተማን ምስራሕ ብዘይዝኾነ ዕንቅፋት ዝካየድ ስለዘይኮነ ሓፁር እንተፈረሰ፣ ኣብ መንገዲ ናይ ትራፊክ ምጭንናቕ እንተገጠመኩም ሓልሓሊፉ ‘ውን እትው ኢልና እንተፍሪስና እቶም ዝስርሑ ስራሕቲ መሰረተ-ልምዓት ንሓባራዊ ረብሓ ከተማና ምዃኑ ብምሕሳብ ክትተሓባበሩና ይግባእ ክብሉ ‘ውን ፀዊዖም።

እቶም ዝቕፅሉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ንህዝብና ቓል ንኣትወሉ ጥራሕ ዘይኾነስ ብተግባር ሰሪሕና ነርእየሉ ብምዃኑ ህዝቢ ብትዕግስቲ ክፅበየና ይግባእ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ከተማና ንኽንሃንፅ ብልፅግና ኢትዮጵያ ጋህዲ ንኽንገብር ብመንፈስ ምትሕብባርን ፍቕርን ሓቢርካ ምስራሕን ደው ምባልን ይግባእ ኢሎም።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ናይ ታሪኽ ስብራትና ንምፅጋን ነቲ ኣብ ኣፍሪካ ተወዳዳሪ ዘይርከበሉ ሙዝየም ዓድዋ ሓዊሱ ፓርክታት ወዳጅነት፣ እንጦጦን ኣንድነትን፣ ቤተ-መፅሓፍቲ ኣብርሆት፣ መስቀል ኣደባባይን ኻልኦት ብርክት ዝበሉ ፕሮጀክትታትን ከምዝተሃነፁ ኣፍሊጦም።

ኣብ ቐፃሊ እቶም ዝተጀመሩ ፕሮጀክትታት ንኽዛዘሙን ኻልኦት ማእኸላትን ፕሮጀክትታትን ንምህናፅን ኹሎም ኣባላት ካቢኔ ንዝጀመርዎ ፃዕሪ ኣጠናኺሮም ክቕፅሉ ከምዘለዎም ኣገንዚቦም።

ዝማዕረገት ኢትዮጵያ ንደቅና ንምርካብ ንተሓባበር፣ ንተኣሳሰር፣ ካብ ወረ ንላዕሊ ተግባር ነቐድም፣ ንስከን፣ ንዛተይ፣ ንፋቶ፣ ይቕረ ንበሃሃል፣ ሃገርና ንምህናፅ ብሕብረት ደው ንኽንብል ሓደራ ይብል ኢሎም።

ብተወሳኺ ‘ውን ዓበይቲ ፆማት ብሓባር እናፆሙ ንዝርከቡ ሰዓብቲ ሃይማኖት ኦርቶዶክስ ተዋህዶን እስልምናን እቲ ፆም ንድኻታት ዝብፅሓሉ ግዜ ብምዃኑ ካብ ዘለኩም ብምክፋል ኣብ ጎኒ ድኻታት ዝኾኑ ወገናት ደው ክትብሉ ይግባእ ክብሉ መልእኽቶም ኣሕሊፎም።



ኣይተ እውነቱ ኣለነ

## ዘተኣኻኽብ ትርኽቲ ብኣግባቡ ብዘይምስራፅ ዘየድሊ ትርኽቲ ዓሲሉ ተባሂሉ

በሪሁ ኣረጋ

ኣዲስ ኣበባ:- ኣብ ማሕበረሰብ ዘተኣኻኽብ ትርኽቲ ብኣግባቡ ብዘይምስራፅ ኻልኦት ዘየድልዩ ትርኽትታት ኣፈላላይ ከምዝዓሰሉ ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣካቢ ቐዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ዴሞክራሲ ኣይተ እውነቱ ኣለነ ገሊፆም።ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ መድረኽ ኣርታእያን ኣካይዱ፡፡

መበል ሓምሻይ መድረኽ ኣርታእያን ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ኣመራርሓታት ቐዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ዴሞክራሲ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ፣ ኣርታእያን ዝተፈላለዩ መራኸብቲ ሓፋሽ፣ መምህራን ዩኒቨርስትን ኻልኦት ኣጋይሽን ኣብ ዝተረኸብሉ እንትሳለጥ፣ ኣብ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ኣካቢ ቐዋሚ ኮሚቴ ጉዳያት ዴሞክራሲ ኣይተ እውነቱ ኣለነ ኣብቲ መድረኽ ከምዝገለፅዎ፤ ዘተኣኻኽብ ትርኽቲ ብኣግባቡ ስለዘይተገለፀ ብኻልእ ትርኽቲ ተዋሒጡ። ንሓባራዊ ትርኽቲ ምግላፅ ዘይምኽኣል ዝኸፋፍሉን ኣፈላላይ ዘጉልሁን ትርኽትታት ፅዕንቶ ንኽፈጥሩ ገይሩ።

ትርኽቲ ከከም ኣጠቓቕምኡ ሃገር ንምህናፅ ኮነ ንምፍራስ ከምዘኽእል ዝተዛረቡ ኣይተ እውነቱ፤ ሃገራዊ ገዛኢ ትርኽቲ ብምፍጣርን ሕብረት ብምጥንኻርን ሃገር ናይ ምህናፅ ሓላፍነት ክንዋፃእ ኣለና ኢሎም።

ነዚ ‘ውን ምስልታት ንተፃረርቲ መዳያት ብምሕካም፣ ኣፈላላይ ብምፅባብን ስብራት ብምፅጋንን ንሃገር ኣብ ዘፅንዕ መሰረት ጠመተ ገይርና ክንሰርሕ ይግብኣና ዝበሉ ኣይተ እውነቱ፤ ኣብ ህዝባዊ ሓቂ ዝተመስረተ ዘካትት ትርኽቲ ምህናፅ የድሊ ክብሉ ተዛሪቦም።

ትፕኢ ዘዳለዎ መድረኽ ኣርታእያን ብርክት ዝበሉ ጠቐምቲ ቁምነገራት ዝርከበሉን እቲ ትካል ዘኻዕበቶ ልምድን ፍልጠትን ናብ ኻልኦት ንምስግጋር ከምዝሕግዝን ሓቢሮም።

ኣብቲ መድረኽ “ሚድያን ትርኽትን” ብዝብል ርእሲ መልዐሊ ፅሑፍ ዘቕረቡ መኩሪያ መካሻ (ሓጋዚ ፕሮፌሰር)፤ ትርኽቲ ማለት ዘለና ሃፍቲ ወይ ዓቕሚ ንኻልኦት ምክፋል ማለት ‘ዩ፤ ናይ ሚድያ ኣጀንዳ ‘ውን ዝተዋደደ ሃገራዊ ትርኽቲ ዝፈጥር ክኸውን ኣለዎ ኢሎም።

መራኸብቲ ሓፋሽ ርክብ ሕድሕድን ምትእስሳርን ዜጋታት ምጥንኻር፣ ቋንቋ፣ ባህልን እሴትን ህዝብታት ምፍላጥን ምምዕባልን፣ ሓፈሻዊ ፅቡቕ ምስሊ ሃገር ልዕል ከብሉን ኣለዎም። ብፍላይ ዓበይቲ ሃገራዊ ትርኽትታት ኣብ ምፍጣርን ምፅናዕን መራኸብቲ ሓፋሽ ብዙሕ ዕዮ ገዛ ከምዘለዎም ኣመላኺቶም።

መራኸብቲ ሓፋሽን ኣጠቓቕማ ቓላትን ብዝብል ርእሲ መዛተዩ ፅሑፍ ዘቕረቡ ደራሲን ጋዜጠኛን ኣበረ ኣዳሙ፤ መራኸብቲ ሓፋሽ ኣብ ዝሰርሕዎም ፀብፃባት ዘሎ ኣጠቓቕማ ቓላት ክፍተት ከምዘርእዩ ገሊፆም።

ግእዝን ኣምሓርኛን ናይ ምትሕውዋስ ከምኡ ‘ውን ዘየድልዩ ናይ እንግሊዝኛ ቓላት ናይ ምጥቃም ፀገም ከምዘሎ ተዛሪቦም።

እዚ ካብ ስርዓት ትምህርቲ ጀሚሩ ዝመፅእ ፀገም ምዃኑ ልቢ ክበሃል ይግባእ ዝበሉ ኣይተ ኣበረ፤ ኮይኑ ግና ጋዜጠኛታት ነቶም ፀገማት ከስተኻኽሉ ከምዝግባእ ኣተሓሳሲቦም።

ዋና ኣሰናዳኢ ማእኸል ዜና ትፕኢ ጋዜጠኛ ወርቁ ማኑ ብወገኑ፤ ኣብ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ንዘሎ ስራሕ ጋዜጠኝነት ምርመራ ዝምልከት ፅሑፍ ኣቕሪቡ።

ብመሰረት እቲ ዝቐረበ መፅናዕቲ ‘ውን ኣብ ውሽጢ እቲ ትካል ፀብፃባት ምርመራ ዝሰርሕ ጉጅለ ከምዝተዋደደን ኣብ ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን ‘ውን ክፋል ፀብፃባት ምርመራ እናተስተኣናገዱ ምዃኖም ከም ሰናይ ተመኩሮ ኣልዒሉ፤ እቲ ስራሕ ናብ ምሉእ ፀብፃብ ምርመራ ንኽዓቢ ፃዕሪ ምግባር ከምዝግባእ ምኽረ ሓሳቡ ኣቕሪቡ።

ዓቕሚ ፀብፃብ ምርመራ ብምዕባይ ንሕብረተሰብ ኾነ ንሃገራዊ ጉዳያት ፍታሕ ዘምፅኡ ሓሳባት ምፍልፋልን ንስራሕቲ መራኸብቲ ሓፋሽ ምጥንኻር ከምዝግባእን ሓቢሩ።

እቲ መድረኽ ናይ ትሕዝቶ ስራሕቲ ብዕምቆት ዝድህሰሱሉ፣ መመሓየሺ ትሕዝቶ ዝግበረሉ፣ ኣብ መንጎ ኣርታእያን ልውውጥ ልምዲ ዝግበረሉን ብርክት ዝበለ እታዎት ዝርከበሉን ከምዝኾነ ‘ውን ተገሊፁ።



# ህንፀት መፈልፈሊ ኤሌትሪክ ግድብ ኣባይ ኣብ ሸውዓተ ኣዋርሕ ክዛዘም ”ዩ

መሰረት ገብረዮሃስ

ኣዲስ ኣበባ፡- ፕሮጀክት ህንፀት መፈልፈሊ ኤሌትሪክ ግድብ ኣባይ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ ኣዋርሕ ከምዝዛዘም ናይቲ ፕሮጀክት ዋና ስራሕ ፈፃሚ ኢንጅነር ክፍሌ ሆሮ ኣፍሊጦም።ኣብ ሩባ ኣባይ ዝህነፅ ድልድይን ፕሮጀክትን ሙሉእ ስራሕ ኣብ ቀፃሊ ዓመት ከምዝዛዘም ገሊፆም።

ቀትርን ለይትን ብዝሰርሑ ባዓል ሞያታት ናይቲ ግድብ ህንፀት ስራሕ ሲቪል 99 ሚኢታዊ ተዛዚሙ ‘ዩ።እቲ ዋና ግድብ ክፍሊ 107 ሚልዮን ሜትሮ ኪዩብ ምምላእ ኮንክሪት ከምዝሕዝ ዝተዛረቡ ኢንጅነር ክፍሌ ካብዚ ውሽጢ ሓደ ሚኢታዊ ስራሕ ጥራሕ ከምዝተርፍ ኣረዲኦም።

ሕድ ሕዶም 375 ሜጋ ዋት ፍልፍል ሓይሊ ኤሌትሪክ ዓቕሚ ዘለዎም ኽልተ ተርባይን ዩኒታት ብዝተፈላለየ ግዜ ተገጢሞም ‘ዮም።ዝተረፉ ድማ ኣብ ቀፃሊ ኣዋርሕ ተራ ብተራ ከምዝግጠሙ ኣፍሊጦም።ናይቲ ግድብ ማይ መተሓላለፊ ኣሸንዳ ህንፀት ልዕሊ 85 ሚኢታዊ ከምዝበፅሐ ብሓፈሻ እቲ ፕሮጀክት 95 ሚኢታዊ ከምዝበፅሐ ኣፍሊጦም።

ናይቲ ግድብ ኤሌትሪክ መፈልፈሊ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ ኣዋርሕ ዝዛዘም እንተኾነ ‘ውን፤ ኣብ ሩባ ኣባይ ዝህነፅ ድልድይን ሙሉእ ፕሮጀክትን ኣብ ቀፃሊ ዓመት ምሉእ ብሙሉእ ከምዝዛዘም ተዛሪቦም።ብሓፈሻ እቲ ስራሕ ‘ውን ኣብ 2017 ዓ.ም መላእ ኢትዮጵያውያን ኹርዓት ዝኾነ ግድብ ኣባይ ንምዝዛም ርብርብ እናተገበረ ‘ዩ ኢሎም።

ህንፀት እቲ ፕሮጀክት ትካላት ኢትዮጵያ ተሸላሚ ፅሬት ምዃኑ ከይዲ ኣብቲ ህንፀት ንዝህሉ ሰራሕተኛ ተሳትፎን ብሓፈሻዊ ንቲ ህንፀትን ሓገዝ ንዝገብሩ ኣካላት ኹሉ ተወሳኺ ዓቕሚ ሞራል ዝፈጥር ከምዝኾነ ገሊፆም።ህንፀት እቲ ግድብ 24መጋቢት 2003 ዓ.ም ኩርናዕ እምኒ ተቐሚጡ ከምዝተጀመረ ዝዝከር ኾይኑ ናይቲ ህንፀት መበል 13ዓመት ድሕሪ ኽልተ ሰሙን ብደሚቕ ስነስርዓት ከምዝኽበር ትፅቢት ይግበር።

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ፅገማት ብዘተ ምፍታሕ ተጠናኺሩ ይቐፅል

ሰላምን ልምዓት ንወዲሰብ ኣዝዮም ወሰንቲ ካብዝበሃሉ ነገራት 'ዮም። ህዝቢ ትግራይ ግና ቕድሚ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶሪያ ካብ ሰላምን ልምዓት ርሒቑ ምንባሩ ዝፍለጥ 'ዩ። ሕዚ ግና እቲ ዝነበረ ፅገም ሳላ ብዘተ ዝተፈትሐ ካብ ኲናት ናብ ሰላምን ልምዓትን ተሳጋጊሩ ይርከብ። ይኹን 'ምበር ምስቲ ዝነበረ ስፍሓት ፅገም ገና ካብቲ መከራ መሊኡ ኣይወፀን። ምስቲ ኩነታት ተታሓሒዙ ብዙሕ ሰብ ሰብኣዊ ሓገዝ ዘድልዮን ናብ መረበቱ ዘይተመለሰን ህዝቢ ከምዘሎ ዝፍለጥ 'ዩ።

ህዝቢ ትግራይ ሰላምን ልምዓትን 'ምበር ኲናት ድሌቱ ገይሩ ኣይፈልጥን። ሕዚ 'ውን ሰላምን ልምዓትን እናሓተተ 'ዩ ዝርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ምስ ተወከልቲ ክፋል ማሕበረሰብ ክልል ትግራይ ኣብ ዛዕባታት ትግራይ ዘተ ምክያዶም ዝፍለጥ 'ዩ። እቶም ተወከልቲ ህዝቢ ብዛዕባ ሰላምን ልምዓትን ሕቶታት ኣልዒሎም ተዘቲሎም 'ዩ። እቶም ቐዳማይ ሚኒስትር 'ውን ንሰላምን ልምዓትን ዘተባብዑ መብርህን ምላሽን ሂቦም 'ዮም።

ፖለቲከኛታት ትግራይ ድሌት ህዝቢ ሰላምን ልምዓትን ምኳኑ ተረዲኦም ብዕቱብ ክሰርሑ ኣለዎም። ብወገን መንግስቲ ፌዴራል ኣብ ሰላምን ልምዓትን ትግራይ ብቑርፀኝነት እናሰርሐ ከምዝርከብ ዝፍለጥ 'ዩ። ብወገን ትግራይ ዝርከቡ ፖለቲከኛታት 'ውን ኣብዚ ኩነታት ትኹረት ክገብሩ ይግባእ።

መንግስቲ ፅገማት ህዝቢ ንምፍታሕ ዘተ ምስ ህዝቢ ምክያዱ ኣዝዩ ጠቓሚ 'ዩ። ብፍላይ ኣብ ትግራይ ንዝካየዱ ዘለዉ ልማዓትን ዳግመ ህንፀትን ኣዝዩ ዝሕግዝ ስለ ዝኾነ ብወገን ምምሕዳር ትግራይ ነዚ ብዝግባእ ክሰርሐሉ ኣለዎ። ኣብ ዘተን ምይይጥን ተደሪኺካ ብምሉእ ውነ እንተተሰሪሑ እቶም ፅገማት ክፍትሑ ይኽእሉ 'ዮም።

ዘጋጥሙ ፅገማት ናብ ዝኸፍአ ኩነታት ከይከዱ ኩሉ ግዜ ብዘተ ብምፍታሕ ሕቶታት ህዝቢ ንምምላስ ምፅዓር የድሊ። ካብዚ ሓሊፉ ብኹናት ንምፍታሕ ምሙኳር ኣሉታዊ ሳዕቤን ዘስዕብ ምኳኑ ካብ ሕሉፍ ምምሃር ይግባእ። ኩሉ ግዜ ኣብ ዘተን ምኽክርን ምእማን የድሊ። እቲ ዝነበረ ፅገም ብዘተ ብምፍትሑ ብዙሕ ረብሓ ተረኺቡ 'ዩ።

ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ እንተነኣሰ ድምፂ ጥይት ጠጠው ኢሉ ብዙሓት ናይ ዳግመ ሕውየት ስራሕቲ ተሰሪሐም 'ዮም። በጀት ካብ ምምዳብ ጀሚሩ ከም መብራህቲን ስልኪን ዝመሳሰሉ ተለቒቖም 'ዮም። እዚ ፅቡቅ ነገር 'ዩ። ይኹን 'ምበር እዚ እኹል ስለዘይኮነ ዝተረፉ ስራሕቲ ንምስራሕ እቲ ስምምዕነት ናብ ሙሉእነትን ካብኡ ንላዕልን ምውሳድ የድሊ።

ክሳብ ሕዚ ዘይተፈትሑ ፅገማት ዋላ እንተሃለዉ መንግስቲ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ኣወንታዊ ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ። ሕዚ 'ውን እናሰርሐ ይርከብ። ካብዚ ንላዕሊ ንምስራሕ 'ውን ብቖራፅነት እናተንቀሳቀሰ 'ዩ። እዚ ቐፃልነት ክህልዎ ሕዚ 'ውን ተቖራሪብካ እናተማኸርካ ምስራሕ የድሊ። ተቖራሪብካ ምዝታይ እንተሃልዩ ፅገማት ህዝቢ ክፍትሑ ይኽእሉ 'ዮም።

ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ መንግስቲ ኣብ ትግራይ ብዙሓት ስራሕቲ ሰሪሑ 'ዩ። ብካሽ 45 ቢሊዮን ብር፤ብንዋታዊ 19 ቢሊዮን ብር ዝኣክል ድጋፋት ብምግባሩ ቐለልቲ ዘይባሃሉ ፅገማት ተፈቲሖም 'ዮም።

ኮይኑ ግና መንግስቲ እዚ እኹል 'ዩ ኢሉ ኣይወሰደን። ሕዚ 'ውን ሰላም ኣጣናኺርካ ብምቕፃል እቶም ዝተጀመሩ ስራሕቲ ልምዓት ተጣናኺሮም ክቕፅሉ ሙሉእ ድሌትን ተበግሶን ሒዙ እናሰርሐ 'ዩ ዝርከብ። ኣብዚ ኩነታት እዚ ኩሉ ብወገን ትግራይ ዘሎ ድማ ሓጋዚ ክኸውን ይግባእ። ተረኺቡ ዘሎ ሰላም ብቕልጡፍ ናብ ልምዓት ንምቕያር ነቲ ሰላም ምሕያል የድሊ። ሰላም ብምፅናዕ ተሓጋጊዝካ ካብቲ ሕዚ ዘሎ ብዝበለፀ ምስራሕ ይግባእ።

ኣብ ሰላምን ልምዓትን ምትሕግዛጋዝ እንተዘይሃልዩ ሕቶ ህዝቢ ክምለስ ኣይኽእልን። ክልል ትግራይ ካብቲ ዝገጠሞ ፅገም ብቕልጡፍ ንምውፃእ ምስ መንግስቲ ፌደራል ጥራሕ እንተይኮነስ ፖለቲከኛታት ትግራይ 'ውን ነኒባዕሎም ኣብ ምትሕግጋዝን ምድግጋፍን ቖላሕታ ክገብሩ ይግባእ። ምኽንያቱ ስምምዕነት እንተዘይሃልዩ ዝተደለየ ለውጢ ክመፅእ ኣይኽእልን።

ከምዝፍለጥ ኣብ ትግራይ ብዙሕ ካብ መረበቱ ዝተማዛበለ ህዝቢ ኣሎ። እዚ ህዝቢ ናብ መረበቱ ክምለስ እንተኾይኑ ተቓራሪብካ ምዝታይን ምስራሕን ኣድላይ 'ዩ። መንግስቲ ኣብዚ ብዕቱብ እናሰርሐ 'ዩ። ኮይኑ ግና መንግስቲ ጥራሕ ነዚ ከሳኽዖ ስለዘይኽእል ብኹሉ ወገን ምትሕግጋዝ ኣድላይ 'ዩ።

ብሓፈሻ መንግስቲ ድሌቱ ሰላምን ልምዓት ስለዝኾነ ብዙሓት ስራሕቲ እናሰርሐ መፂኡ 'ዩ፤ ሕዚ 'ውን እናሰርሐ ይርከብ። ሰላምን ልምዓትን ንምንጋስ ዘለዎ ቁርፀኝነት ኩሉ ግዘ ፅኑዕ 'ዩ። ስለዚ ፅገማት እንተሃለዮም ተቐራሪብካ ብዘተን ምኽክርን ብምፍታሕ ኢሉ 'ውን ሕቶታት ህዝቢ ንምምላስ ንሰላምን ልምዓት ቖላሕታ ምሃብ የድሊ።እቲ ዘተ ድማ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግባእ።


# ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቐፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል :- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ፡፡ ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ አይኮኑን፡፡

## ፅገም ባልዓት ናብ ረብሓ ዶ ምተቐየረ?

**ኣብርሃ ሃጎስ**

ኣብዚ እዋን ሃገርና ብፍላይ ድማ ትግራይ ብሰንኪ ተደራራቢ ተፈጥሮኣውን ሰብ ስራሕን ፅገማት እናተፈተነት ከምዝትርከብ ዝፍለጥ 'ዩ። ብፍላይ ድሕሪ እቲ ዝበፅሐ ጉድኣት ኲናት ተኸቲሉ ዝመፅአ ድርቂ ብተወሳኺ በቢተራ ዝርኣዩ ዘለው ዝተፈላለዩ ባልዓት ኣብ ኣብ ልዕሊ ድኽነተን ምራኽ ሞተን ከምዝብሃል፤ ድርቂ፣ ባልዓት ባርኖስ ኣሜሪካ፣ ኣምበጣን ሐዚ ከኣ ዕስለ ወራር ኣእዋፍ ይረኣያ ኣለዋ።

ሰብ ሞያ ዓውዲ ሕርሻ ከምዝብልዎ እንተኾይኑ ናይዚ ኹሉ መበገሲ ምዝባዕ ለውጢ ክሊማ ዓለም ከምዝኾነን፤ ብፍላይ ድማ ኣብ ትሑት ደረጃ ማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባለ ንዘላ ኣፍሪቃ ብዝበልፀ ድማ ምብራቅ ኣፍሪቃ ተቓላዕነታ ከምዝዛይድ ይገልፁ። ኣብ ትሕቲ ከቢድ ፅገማት ድኽነት ዝነብሩ ሕብረተሰብ ድማ ካብቲ ዘጋጥም ሳዕቤናት ብቕልጡፍ ንክሓውዩ ዝኽእሉሉ ፀጋታት ሃፍቲ ስለዘይብሎም ንፅልዋታት ዝያዳ ተቓላዕነት የጋጥሞም።

ምዝባዕ ለውጢ ክሊማ ድማ ካብ ዘስዕቦ ድርቂ ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ ኣዝርእቲ ዘጥቅዑ ባልዓት ከም ዕስለ ኣምበጣን ኣዕዋፍን ተጠቀስቲ 'ዮም ።ምናልባት ሓረስቶት ብዛዕባ ኩሉ ዓይነት ኣዕዋፍ ምሉእ ብምሉእ ክሻቐሉ ኣየድልዮምን ይኸውን። ከምዝፍለጥ ብዙሓት ዓይነታት ኣዕዋፍ ንፍርያት ዝራእቲ ክጠቕማ ዝኽእላን ከም ገለ ባልዓት ኣዝርእቲ ዝበልዓ ኣዕዋፍ ብመንፅር ድሕነት ምግቢ ብዙሕ ሓደገኛ ዘይከኾና ይኽእላ 'የን። ዝተወሰና ዓይነታት ኣዕዋፍ ድማ ካብ ካልኦት ንላዕሊ ንኣዝርእቲ ዝያዳ ሓደጋ ዘስዕባን ኣብ ድሕነት ምግቢ ፅገም ከምዝፈጥራን ሰብ ሞያ እቲ ዓውዲ የመላኽቱ።

ፋድ ሴፍቲ ኒውስ ኮም ዝብሃል መርበብ ሓበሬታ ከምዝሕብሮ ድማ ፤ ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ፅገም ዝፈጥሩ ከም ጣንጡ፣ ኣንበጣን ኣንጭዋታትን ዝበሉ ብምብላዕ ኣገዳሲ ግደ ዝፃወታ ኣዕዋፍ ከምዘለዋ ኩሉ፤ ብምጥፋእ ምህርቲ ኣእካል 'ውን ብሓያል ምንካይ ከስዕባ ከም ዝኽእላን ኣብ ሕርሻ ፅዕንቶ ዘሕድራ 'ውን ቀለልቲ ኣይኮናን። ኣብ ገለ ከባቢ ትግራይ ብፍላይ ኣብ ከባቢ ራያ ዓዘቦ ዝርኣያ ዘለዋ ዕስለ ወራር ኣእዕዋፍ 'ድማ ሓደ ካፍተን ኣብ ሕርሻ ልዑል ፅዕንቶ ዝፈጥራ ኣለዋ 'የን።

ስለዝኾነ መፍራይነት ሕርሻ ውፅኢታዊ ንምግባር ድማ ጠቐምቲ ነፍሳት ብምዕቃብ እቶም መጥፈእቲ ባልዓት ድማ ምክልኻል ኣገዳሲ 'ዩ። ዝራእቲ ካብ ወራርን ዕንወትን ንምክልኻል ካብ ባህላዊ መከላኸልታት ጀሚሩ ክሳብ ዝተፈላልዩ ከሚካላትን ካልኦት ውፂኢት ቴክኖሎጂታት ብምጥቃም ከምቲ በቢከባብኡ ዝግበር ዘሎ ምክልኻል ሜላ ብተወሳኺ ድማ ፅገማትና እንብሎም ባልዓት ናብ ረብሓ ብምውዓል እንከላኸለሎም ሜላታት ምንዳይ'ውን ኣገዳሲ ከይኮነ ኣይተርፍን።

ከምዝፍለጥ ኣብዝሓ ዓበይቲ ምህዞታት ዓለምና ንዘጋጠሙ ፅገማት ኢድ ብዘይ ምሃብ ዝግበር ኣለሻ መፍትሒታት ዝፍጠሩ 'ዮም እንተተብሃለ ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ኣይከውንን። ሓደ ዝኾነ ፅገም ንኻሊእ ረብሓ ዝኾነሉ ዕድል ከምዝሎ ከዓ ፍሉጥ 'ዩ። ስለዝኾነ ከምባልዓት ዕስለ ወረርቲ ኣዕዋፍን ኣንበጣን ዝበሉ ፅገማት ንኻልኦት ከም እታወታት ተጠቒምካ ናብ ረብሓ ዝቀየረሉ ዕድል ዕፅው ኣይከውንን።

ኣብዚ ኣብነት ዝኾን ብዙሕ ምጥቃስ ይከኣል 'ዩ። ሓደ ካብኦም ኣብዚ እዋን ንምግብነት ሰባት ክውዕል ዝኽእለሉ ዕድል እንተሃለወ 'ውን ማሕበረሰብና ምስ ዘለዎ ባህሊ ኣመጋግባ ብቀሊሉ ነዚ ዝቕበል ክኸውን ስለዘይኽእል፤ ነዚ ገዲፍና ንቀለብ እንስሳት ግና ዘይኾነሉ ዕድል የለን። ብፍላይ ኣብ ምርባሕ ደራሁን መሰልን ዝተሰማረዩ ኣካላት ንቀለብ ደራሁን ብዝምችው ተዳልዩ ፍሩሽካ ብምግባር ካብ ምቁፅፃርን ምክልኻልን ባልዓት ብተወሳኺ ልዑል ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ክርክብ ምኽኣለ።

ሓደ ሓደ ሃበሬታት ከምዘማልክቶ ከም ኣምበጣ ዝበሉ ነፍሳትን ገለ ኣዕዋፍን ኣብ ሓደ ሓደ ሃገራት ዓረብን ሃገራት ምብራቅ ኣፍሪቃን ተፈታዊ ባህላዊ ምግቦም ከምዝኾነ ይግለፅ 'ዩ። ንኣብነት ምግቢ ኣምበጣ መጠን ፕሮቲኑ ብሓፈሻ ክሳብ 70 ሚኢታዊ ክበፅሕ ይኽእል 'ዩ ይብሉ፤ እዙይ ማለት ድማ ካብ 100 ግራም ኣምበጣ ካብ 30 ክሳብ 70 ግራም ዝኸውን ፕሮቲን -ሰውነት ዝሃንፁ ንጥረ ነገራት ክርከቦም ከምዝኽእል ኣብ ማእኸል ዓለምለኻዊ ምርምር ስነ-ምህዳር ነፍሳት ዝሰርሑ ገለ ሳይንቲስታት ይሕበሩ ።

ገለ ሓበሬታት ከምዘማላኽትዎ፤ ሓደ ሓደ ሃገራት ኣንበጣ ሰደድ ብምግባር ናይ ወፅኢ ሸርፊ 'ውን ከምዝረኽባሉ ይግለፅ 'ዩ። ንኣብነት ኣምበጣ ብደረጃ ቛንጣ ተዳልዩ ካብ ዩጋንዳ ናብ ኬኒያ ሰደድ ይግበር። ንሓደ ኪሎ ክሳብ 1500 ገንዘብ ኬኒያ (15 ዶላር) ድማ ዋጋ የውፅእ።

ብኻሊእ ወገን ከምዝፍለጥ ባልዓት ኣዝርእቲ ንምጥፋእ ብዙሕ ገንዘብን ጉልበትን 'ዩ ዝፈስስ። ብዶላራት ተግዚኡ ብዝመፅእ ከሚካል ድማ ካብ ወፃኢኡ ብተወሳኺ ከም ኣናህብ ዝበሉን ካልኦት ጠቐምቲ ነፍሳት ሓቢሮም ንክጠፍኡ ስለዝግብር ኣፍራይነት ሕርሻ ይቕንስ። ስለዚ እቶም ብዙሓት ኣዝርእትና ዘጥፍኡ ባልዓት፣ ከም መረበብ ዝበሉ ወይ ካልእ ዓይነት መፅወድያ ብምሓዝ እንተስ ንምግብነት እንስሳት እንተስ ንሰደድ ብምውዓል ፅገማትና ናብ ረብሓ ብምልዋጥ ናይ ስራሕ ዕድል ክፈጥሩልና ዶ ኣይኽእሉን ትብሉ?

ብዙሕ ዘይተለመደ ነገር ንኻልኦት ኣእሚንካ ብቀሊሉ ኣብ ስራሕ ኣውዒልካ ካብ ፅገማት እንብሎም ተረባሒ ንምኳን ቁሩብ ዝፍትን 'ኳ እንተኾነ፤ ኣብ ኸይዲ እዋን ግና እዚ ፅገም ናብ ረብሓና እንቅየረሉ ዕድል ዕፅው ኣይከውንን እሞ ክንቅይሮምን ክነትርፎምን ዘይንኽእል ወይ ልዑል ዋጋ ክፍሉና ዝኽእሉ ፅገማትን ፈተናታትን ብልሓት ምህዞ ብምጥቃም ካልኦት ናብ ረብሓ ናብ ፀጋ ክቅይርዎም ክኢሎም 'ዮም። ኣንሕና 'ውን ፀጋማትና ናብ ረብሓ ዘይንቅየረሎም ምኽንያት የለን ዝብል ሓሳብ 'ዩ ዘለኒ ::ወደሓንኩም።

### መፍራይነት ሕርሻ ውፅኢታዊ ንምግባር ጠቐምቲ ነፍሳት ብምዕቃብ እቶም መጥፈእቲ ባልዓት ድማ ምክልኻል ኣገዳሲ "ዩ

# እዋናዊ ዛዕባ

## “ምዝታይ ዘድለየ እቲ ስምምዕነት ናብ ሙሉእነትን ካበኡ ንላዕልን ንምውሳድ ‘ዩ”

-ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር)

ኣብርሃ ሓጎስ





ናይ ሎሚ እዋናዊ ዛዕባና ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ምስ ተወከልቲ ክፉል ማሕበረሰብ ክልል ትግራይ ኣብ ዝገብርዎ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ዝተሳለጠ ዘተ ካብ ተወከልቲ ንዝተልዓሉሎም ሕቶታትን ሓሳባት ካብ ዝሃብዎ መብርህ፣ ምላሽን መልእኽቲ ብውሱን መልክዑ ከምዚ ዝስዕብ ኣቅሪብናዮ ኣለና ሰናይ ንባብ:-

“ሎሚ ካብ ስምዒትን ወረን ወፂእና ከምቲ ወለዲ ዝብልዎ ለባም የሓስብ ናይ ዓመት ዓሻ ይሓስብ ናይ ዕለት፤ ከምዝብሃል ምናልባት ንቅድሚት እንሓሰቦ ዘለና ልማዓትን ዳገመ ህንፀትን ከምዘሕግዝ ገይረና ካብ ልብና እንተስሪሕና ናይ ትግራይ ጉዳይ ዝፍታሕ ይመስለኒ። ዝኾነ ኾይኑ ኣብዚ ዘለው እማማን ኣባባን ዘልዓለዎ ሓሳብ ብጣዕሚ ይስምዐኒ ‘ዩ። ብምርኻብና ‘ውን በጣዕሚ ተሓጉሰ ‘የ።” ብምባል ብተሳተፍቲ ንዝቀረበሎም ዝተፈላለዩ ሓሳባትን ሕቶታትን ብምስማዕ ከምዚ ዝስዕብ መልሲ ሂቦም። :-

### ስምምዕነት ፕሪቶርያ

ብመጀመርያ ድሕሪ ዕውት ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ጀሚሩ ቀፂሉ ድማ ድሕሪ ኣፀጋሚ ኲነታት ትግራይን ኢትጵያን ንዝተረኸቡ ውፅኢታትን ውሕድ እንተኾኑ ‘ውን ጌታቸውን ግዝያዊ ምምሕዳር መንግስቲ ብሓላፍነት ስመዒት እናመርሑ ዘለው ኣመራርሓን ከመስግን ይፈቱ። ፀገማት ኣለው ‘ዮም። ይኹን ‘ምበር ኣብቲ ውሽጢ ተኾይኖም ‘ውን ዝፈተኑ ፃዕርታት ኣለው ‘ዮም። ምስ ህዝቢ ትግራይ ምዝታይ ህዝቢ ትግራይ እንታይ ከምዝሓስብ ብዝተወሰነ ደረጃ ይርድኣኒ ‘ዩ። እቲ ህዘቢ ‘ውን ብዝተወሰነ ብርኪ ይፈልጦ ‘የ። ብሚድያ ዝብሃልን ኣብ መሬት ዘሎ ሓቅን ሓደ ኣይመስለንን። ይኹን ‘ምበር ከምዝብልኩሞን ቅድሚ ሐዚ ‘ውን ከምዝበለክዎ ካብ ህዝቢ ትግራይ ወፃኢ ኢትዮጵያ ዝብሃል የለን። እዚ ግልፂ ‘ዩ። ትግራይ ኣካል ኣምሳል ኢትዮጵያ ‘ያ። ነዚ ‘ውን ‘ዩ መዘከርታ ዓወት ዓድዋን ቤተመንግስቲ ዝረኣኹሞ። ኣብዚ ሙሉእ እምነት ኣለኒ።

ኣብ ትግራይ ኣብ ኢትዮጳያ ድኽነት ሓዱሽ ነገር ኣይኮነን ፤ድኽነት ዝነበረ ‘ዩ፡፡ግና ብዘኾነ ተሓጋጊዝና ፀገም ንክነፍትሖ ኣይምቸውን። ንኣብነት ፕሪቶርያ ድሕሪ ምስምዕማዕና እኒ ጌታቸው መንግስቲ ካብ ዘኾኑ ንደሓር ናብ ትግራይ መፂአ ምስ ህዝቢ ትግራይ ክዘራረብ ካብ ዝብል ዓመት ሓሊፉኒ ኣሎ። እዚ ጌታቸው ይፈልጥ ‘ዩ። ፅባሕ ፅባሕ ‘ዮም ዝብሉኒ ከምቲ ዝትብልዎ ኣይኮነን። ካብ መጀመርያኡ ንምንታያ ‘ዩ ውግእ ተጀሚሩ? ንምነታይ ናብዚ ኣቲና ንዝብልኮ ስምዒት ኣይኮነን ዘድሊ ደው ኢልካ ምሕሳብ ፅቡቅ ‘ዩ። ብኣና ወገን ምስ ህወሓት ናይ ምፍላይ ድልየት ኣይነበረናን። ንስራሕ ፈፃሚ ህወሓት በጃኹም ግደፉ ኢለ ኣነ ባዕለይ ለሚነ ‘የ። ልምዲ እንተሃለዎም ‘ውን ኣነ ዝበልክዎ ጥራሕ ዝብል ድርቅነት ‘ውን ይህለው ‘ዩ።

ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ብዙሕ ነገር ረኺብና ብዙሕ ‘ውን ይተርፈና ‘ዩ። ንስኹም ልብኹም ከፊትኩም ነዚ ምርኣይ ሞክሩ ‘ዩ። ንኣብነት ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ካበዚ ይኹን ካብቲ ሰብ ብጥይት ኣይሞተን እዚ ፅቡቅ ነገር ‘ዩ። ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ እንተነኣሰ ናይ ምርግጋዕን መንግስቲ ናይ ምምስራትን ኣሸባሪ ‘ዩ ዝበልናዮ ኣሸባሪ ኣይኮነን ሕጋዊ መንግስቲ ‘ዩ ኢልና መሰጋገሪ መንግስቲ መሰሪትና በጀት፣ መብራህቲን ስልኪን ለቂቅና ኢና እዚ ፅቡቅ ነገር ‘ዩ። ይኹን ‘ምበር እዚ እኹል ኣይኮነን። ምሳኹም ምዝታይ ዘድለየ ‘ውን እቲ ስምምዕነት ናብ ሙሉእነትን ካበኡ ንላዕልን ንምውሳድ ‘ዩ። ኣነ ካብ ልበይ ‘የ ዝነግረኩም ብኣና ወገን ትግራይ ዝትቅየረሉ ዝኾነ ይኹን ነገር እንተሃለዩ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ኣነ ሕጉስ ‘የ ድልየተይ ‘ዩ ። ካብ ትግራያ ወገን ‘ውን ከምዚ ዝበለ ምትሕብባር የድሊ ‘ዩ።

### ልምዓት ብዝምልከት

ልምዓት ብዝምልከት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝረኣኹሞ ኣብ ትግራይ ኣብ ካሊእ ክልል እንተዘይተደጊሙ ኣብዚ በይኑ እኹል ኣይኮነን ዝበልኩሞ ትኽክል ‘ዩ። ኣዲስ ኣበባ ‘ውን ገና ብዙሕ ክለምዕ ‘ዩ። ትግራይ ‘ውን ክለምዕ ‘ዩ። ይኹን ‘ምበር ኣብ ኣዲስ ኣበባ ይኹን ኣብ ትግራይ ዘልምዖ ሰብ ‘ዩ። ሰብ ተቀራሪቡ ተስማዕሚዑ እንተዘይ ዘትዩ ሓደ እንተዘይኮይኑ ከመይ ኢሉ ይለምዕ። ኣንሕና ኣብ ዝሓለፉ ሓደን ሓደ ዓመትን ፈረቓን ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶረያ ብካሽ 45 ቢሊዮን ብር፤ ብንዋታዊ ከም መኪና ኮምፒተር ዝበሉ ድማ 19 ቢሊየን ብር ሓጊዝና ኢና። እዚ ብበጀት ዝሕሰብ እንተኾይኑ ኣብዚ ኣይበፅሕን። በጀት ትግራይ 10 ቢሊየን ኣይበፅሕን ‘ዩ። እዚ እኹል ድዩ እንተይለና ኣይኮነን። ካብዚ ንላዕሊ ክይንገብር ዝገበረና ግና ብሓፈሻ ኢትዮጵያ ዘለዋ ምንኣስ ዓቅሚ ‘ምበር ድልየት ኣይኮነን።

ንኣብነት በጀት ብዝምለከት ጌታቸው ፕረዝደንት ዝኾነሉ ግዘ ኣብ ፍርቂ በጀት ዓመት ‘ዩ ነይሩ፤ ንጌታቸው ፀዊዕና ግና ዕርቂ ዝተፈፀመሉ ዋላ ኣብ ፍርቂ በጀት ይኹን ብቅድሚኡ ናይ ዝነበረ ካባ ሓምለ ጀሚርና ክንህበካ ኢና ኢልና ንድሕሪት ተመሊስና ኢና ሂብናዮ። ብርግፅ ትግራይ ምስ ዘሎ ዕንወት ኣንፃር እዚ ቅርሺ ምንም ኣይኮነን ካብዚ ዕፅፊ ተዝመፅእ ‘ውን ኣብ ኢንዱስትሪ ዝልዓል ዘሎ ፀገም ክሽፍን ኣይኽእልን። ካሊእ ‘ውን ብቀዳማዊት እመቤት ቤት ትምህርቲ እንትስራሕ ኣብ ሽረ ቤት ትምህርቲ ንክስራሕ ብር 20 ሚሊዮን ብካሽ ናብ ናይ ትግራይ ኣካውንት ኣእቲና ኢና። ይኹን ‘ምበር ኣይተሰርሓን። ስለዚ እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ህዝቢ ምስራሕ ወይ ገንዘብና ምምላስ ‘ዩ ዝግባእ።

ሐዚ ድማ ገበታ ንወለዶ ዝብሃል ኣብ ጎረጎራ ወንጪ እንትስራሕ ገርዓልታ ኢለና መፂእና ኢና። ኣብዚ ንጌታቸው ከመስግኖ ‘ምበር እዚ ንምጅማር ‘ውን ናብ ሽዱሽተ ሽውዓተ ወርሒ ‘ዩ ወሲዱና። ሐዚ ተጀሚሩ ኣሎ እንትውዳእ ፅቡቅ ከምዝኸውን ተስፉ እገብር። ንቀፃሊ ‘ውን ኣብ ኻሊእ ቦታ ዝገበር ልምዓት ንትግራይ ‘ውን ክተርፍ ኣይንደልን። ድልየትና ከምኡ ኣይኮነን ፡፡ህወሓት ‘ውን እቲ ዝሎ ፖለቲካዊ ጭቅጭቅ ገዲፉ ምስባዕሉ ተዓሪቁ ሰኺኑ ንቀፃሊ ከመይ ኢለና ካበዚ ብላዕሊ ብሓባር ክንሰርሕ ኢሉ ተዝሓስብ ኢና ንደሊ። እንታይ ይገብረልና ነኒባዕልና ምብላዕ። ካብኡ ከዓ ዘይንፋለጥ እኮ ኣይኮነናን ከምቲ ዝትፈልጥዎ ብሓደ ኢና ነይረና ንፋለጥ ኢና። ኹናት ኣይንደልን ሐዚ ‘ውን እንተኾነ ብቕልጡፍ ናብ ሰላም መፂእና ዝበለፀ ክንሰርሕ ኢና ንደሊ።ሎምዓንቲ ንጌታቸው ባዕሉ 100 ቢልዮን ተዝወሃቦ ኣብ ትሕቲኡ ዘለው ኣብ ጎኑ ዘለው መሓዙቱን ንስኹምን እንተዘይሃጊዝኩሞ ገንዘብኮ ወረቀት ‘ዩ።

ብምትሕግጋዝ ‘ዩ ገንዘብ ናብ ልምዓት ዝቅየር። ሓደ ናይ ካሊእ እግሪ እናሰሓበ እንተኾይኑ ኣይኮንን፤ እዚ ምስ ፌደራል ምስ ዘሎ ጥራሕ ኣይኮነን፤ ኣብ ክልል ውሽጢ ‘ውን እንተኾነ ምትሕግጋዝ የድሊ ‘ዩ። ምኽንያቱ ድኻ ሃገር ‘ያ ዘላትና ድኻ ሃገር ሒዝና ቁሩብ ገንዘብ’ውን ሒዝና እንተዘይተደጋጊፍና ኣይኸውንን ‘ዩ። እሱራት ክትፈትሕ ኣለካ ንዝበሉኒ እሱራት ፈቲሐ ‘የ ስብሃት ንባዕሉ ፈቲሐዮዶ ኣለኹን። መከላከያ ኣይፈልጥን ባዕሉ(ሚኒስትር ምክልኻል ኣብርሃም በላይ) ክነግርኩም ‘ዩ ፤ ዝተኣሰረ ከምዘሎ ኣይፈልጥን ካብ ስራሕ ደው ዘበልናዮም ተጋደልቲ ነይሮም ዕርቂ እንትፍፀም ምፍታሕ ጥራሕ ዘይኮነስ ነናብ ኣሃዱኦም ከይተረፈ ኢና መሊስናዮም። ብሌብነት ሰብ ቀቲሉ ዝተኣሰረ እንተሃልዩም ኣይፍልጥን። በቲ ውግእ ዝተኣሰሩ ግና ናብ መከላከያ ተመሊሶም ‘ዮም። ናይ ምእሳር ድልየት ‘ውን የብልናን። እንድያውም ኣንሕና እሱራት ስራሕ ፈፀምቲ ፈቲሕና እናሃለና ምስ ጌታቸው ግና ክሳብ ቀረባ እዋን ዝተረፉ እሱራት ነይሮም ‘ዮም። ንቀፃሊ ‘ውን ንምእሳር ብዙሕ ድልየት የብልናን።

### ምምላስ ተመዛበልቲ

ተመዛበልቲ ብዝምልከት እቲ መሬት ናይ መን ‘ዩ ናይ ትግራይ ድዩ ዝብል ንግደፎም፤ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ሰፈሩ ምንባር ስኢኑ ምምዝባሉ ብጣዕሚ ሕማቅ መሕፈሪ ነገር ‘ዩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ጅማ በቢ ቦቱኡ እኮ ገዛ ዘለዎም ስራሕ ዘልዎም ተጋሩ ኣለው ‘ዮም። ኣብኡ ‘ውን ካብኡ ዝተፈለየ ነገር የለን። ገዝኦም ክምለሱ ኣለዎም። እቲ ዝተስማዕማዕናዮ ‘ውን ብተደጋጋሚ ገሊፀዮ ‘የ። ብሓፂሩ ግና ካብ ትግራይ ኣይተ ጌታቸው ካብ ኣምሓራ ክልል ኣይተ ኣረጋ ዘለውዎ ኮሚቴ ተመስሪቱ ካብ ፌደራል ሓለፍቲ ዘለውዎ ኣብዚ ሰሙን ክዛተዩ ‘ዮም። ነሃትና ድልየት መጀመርያ ኩሎም ዝተመዛበሉ ሚእቲ ብሚእቲ ገዝኦም ምምላስ ‘ዩ። እዚ ብተደጋጋሚ ኢልና ኢና ሐዚ ‘ውን ኣብ ዝኾነ ሰዓት ናብ ሑመራ ዘሎ ገዛይ ክምለስ ‘የ እንተኢሎም ፅባሕ ንምምላስ ድልዋት ኢና። ንምከላኸሊ ሰራዊት ዝተውሃቦ ስራሕ ‘ውን እዚ ‘ዩ።

በቢከባቢኡ መከላኸሊ ሃገር ‘ምበር ናይ ትግራይ ይኹን ናይ ኣምሓራ ዝብሃል ሓይሊ ፀጥታ ከይህልው ተባሂሉ ‘ዩ። ሰባት ነኒባዕሎም ይፋለጡ ‘ዮም። ናይ መን ገዛ ናይ መን ሕርሻ ከምዝኾነ ይፍለጥ ‘ዩ ፀገም የብሉን። መጀመርያ ገዝኡ ይመለስ ቀፂሉ ባዕሉ እቲ ህዝቢ የመሓድረኒ ‘ዩ ዝብሎ ካብ ደቁ ይመርፅ። ብደቁ እናተመሃደረ ፀኒሁ ምስተረጋግአ ዓለም እናረኣዮ ሪፈረንደም ገይሩ ኣነ ትግራዋይ ‘የ ኣነ ኣምሓራይ ‘የ ይበል። ቀዲምና ግና ኣንሕና ኣይነበል። መጀመርያ ግና ናብ ገዝኡ ናብ ሕርሽኡ ይእተው፡፡ኣብ መቐለ ኣብ ሽረ ምቅማጥ ኣየድልዮን። ኣድላይ ዝብሃል ድጋፍ ክንገብረልኩም ኢና ናብ ቦታኹም ተመለሱ ምስተመለስኩም ርግፀኛ ‘የ ምስ ጎረቤትኩም ተራኺኩም ከምክትባኸዩ ኢኹም (ብናፍቆት)።ምሕዛንኩም ኣይተርፍን ንስኹም ምጉናፅ ኣይደለኹሞን ናይ ፖለቲካ ሓሳብ ‘ምበር ነሃትኩም ኣይኮነን፤ ስለዚ ተዘራራብኩም ዝኾነኩም ሰብ መሪፅኩም ብደቅኹም ክትመሓደደሩ ትኽእሉ ኢኹም እዚ ‘ዩ ነሃትና ኣቋም።

ኣብዚ ተንትሓጋገዝ ፅቡቅ ‘ዩ። ክረምቲ ከይመፅ ናብ ሕርሽኡ ክምለስ ኣለዎ። ብመንግስቲ ፌደራል ወገን ካብ ዝትብልዎ ብላዕሊ ፈቃደኛታት ኢና ምድላዋቱ ውን ኣሎ ‘ዩ። ካብ ሃገር ወፂኡ ወፃኢ ዓዲ ዘሎ በዓል ሃፍቲ እንተሃልዩ ‘ውን ይመለስ። ካብ ጥምየት ካብ ሕፅረት መድሓኒት ተተሓሒዙ ብዙሕ ሓገዝ እኽሊ ንምልኣኽ ተሞኪሩ ‘ዩ። ብሓፂሩ ግና ኢትዮጵያ ወይ ኣካል ኢትዮጵያ ዝኾነ ቦታ በሊዑ እናሓደረ ንስኹም ኣይትጠምዩን። ዝኾነ ይኹን ፕሮጀክት ደው ይብል ‘ምበር ኣብ ትግራይ ጥምየት እናሃለወ ኣብ ካሊእ ደቡብ ኦሮምያ ፀጊቡ ጥራሕ ኣይሓድርን። ፀገም ዝኾን ዘሎ ግና ጥምየት ፖለቲካ ኣይንግበሮ ዝብል ‘ዩ። ንጌታቸው’ውን በዚ ወቂሰዮ ነይረ ‘የ። ጥምየት እንተሃልዩ ናባይ ምድዋል ‘ዩ ኣምፅኡ ሓግዘ ማለት ‘ዩ። ብቲዊተር እንትኾይኑ ግና ኣንሕና ብትዊተር ኣይንዘራረብን ኢለዮ ‘የ። ንኻልኦት ኢኻ ተዛሪብካ ‘ምበር ነዓይ ኣይነገርካንን ኢለዮ ‘የ።

“ምዝታይ ዘድለየ ... ገፅ 6

ዕዱም ጋሻ

# ‹‹ዳያስፖራ ንፅባሕ ዘይባሃል ዋኒን ከምዘለዎ ፈሊጡ ንትግራይ ክበፅሐሳ ኣለዎ››

ኣይተ ጎይቶኦም በርሀ



**መሰረት ገብረዮሃንስ**

ኣብ ፓርቲ ብልፅግና ጨንፈር ክልል ትግራይ ሓላፊ ዘፈር ጉዳይ ፖለቲካ ምስ ዝኾኑ ኣይተ ጎይቶኦም በርሀ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም ፃንሒት ኣብ ዘልዓልዎም ዓበይቲ ሓሳባት እቲ ሓደ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ቀዳማይ ሚኒስትርን ፌዴሪኢ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ምስ ተወከልቲ ህዝቢ ትግራይ ዘካየድዎ ዘተ ተግባራውነት ውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ዘጠናኽር 'ዩ ኢሎም፤ ብዙሕ ቅሬታታት ዘለዎ ህዝቢ 'ውን ስለዝነበረ ከምዚ ምስ መንግስቲ ኣብ ሓደ መድረኽ ተቐሚጥካ ፀገማትኻ ምዝርራብ ዓብይ ለውጢ 'ዩ ተጠናኺሩ ድማ ክቕፅል ኣለዎ ይብሉ። ተመዛበልቲ 'ውን ናብ መረበቶም ክምለሱ ትኹረት ክግበረሉ ኣለዎ፤ እዚ ድማ መንግስቲ ፌደራልን ክልልን ትግራይን ናነይ ባዕሎም ገዛዕዮ ብምውሳድ ተግባራዊ ኣብ ምግባር እናተኻየደ ዘሎ ምንቅስቓስ ክጠናኸር ይግባእ » ክብሉ ገሊፆም 'ዮም። ኣይተ ጎይቶኦም እዚኦምን ካልኦት ሓሳባትን ኣስፍሕ ኣቢሎም ዝገለፅሉ ሙሉእ ትሕዝቶ እቲ ቃለ መሕተት ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ!

**ወጋሕታ፡- ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ምስ ተወከልቲ ትግራይ ዘተ ምክያዶም ዘለዎ ረብሓ ከምይ ይገልፅዎ?**

**ኣይተ ጎይቶኦም፡-** ከምዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ተወከልቲ ትግራይ ልዕሊ ኽልተ ሚኢቲ ዝኾኑ ከምኡ ድማ ኣብ ትግራይን ኣዲስ ኣበባን ዝርከቡ ኣመራርሓ ተቃወምቲ ዉድባት ብሓፈሻ ናብ ሰለስተ ሚኢቲ ዝፅግዑ ተወከልቲ ምስ ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ኣብ ዝገበርዎ ዘተ ብጣዕሚ ውፅኢታዊ 'ዩ ነይሩ። ምኽንያቱ ከምዝፍለጥ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ኣብ መንጎ ክልቲኦም ዝነበረ ጎንፅን ምቅሕሓርን ድሕሪ ስምምዕነት ሰላም ፕሪቶርያ ተሪፉ ናብዚ ምብቅዑ ሓደ ዓብይ ረብሓ ኣለዎ 'የ ዝብል ዝኽእል ። ህዝቢ ትግራይ ኣካል ህዝቢ ኢትዮጵያ ስለዝኾነ ጎንፂ ፈጠርካ 'ውን ኣብ ዝሓለፈ ስለዝረእናዮ ውፅኢቱ 'ውን እንታይ ከምዘስዐበ ዝፍለጥ 'ዩ። ኹናት ድማ መወዳትኡ ኣብ ጠረጴዛ ስለዝኾነ ድሕሪ እቲ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ድማ እዚ ዓብይ ኣጀንዳ ተገይሩ 'ዩ። ካልኦት ክልላት 'ውን ምስ ክቡር ኣብይ ኣሕመድ ዘተ ኣካይደን 'የን ። ካብ ትግራይ ዝመፅኡ ተወከልቲ ድማ ከምዚ ፊት ለፊት ተራኺቦም ትግራይ እንታይ ፀገም ኣለዋ? ዝብል መንግስቲ ፌደራል ንትግራይ እንታይ እንታይ ሓገዝ ከምዘድሊ ዘተ መድረኽ ብምፍጣር ፍታሕ ንክመፅእ ዝገብር 'ዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዝሓለፈ ዝነበረ ጎንፂ መሰረተ ልምዓት ፈሪሰን 'የን ፤ብዙሓት መንግስታውን ናይ ውልቀን ትካላት ፈሪሰንን ተጎዲኣንን እዚ ስዒቡ ድማ ብዙሕ ቅሬታታት ዘለዎ ህዝቢ 'ውን ስለዝነበረ ከምዚ ምስ መንግስቲ ኣብ ሓደ መድረኽ ተቐሚጥካ ፀገማትኻ ምዝርራብ ዓብይ ለውጢ 'ዩ።

መንግስቲ እንታይ ክሕግዝ ከምዘለዎ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብኢትዮጵያውነቱ ኣሚኑ ናይ ሓደ ሓደ ትግራይ ሃገር 'ያ ዝብል ኣዛራርባ ዘትረፈ 'ዩ ዝመስለኒ። ስለዚ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ዝገበርዎ ዘተ ውፅኢታ 'ዩ፤ እዚ ክብል ከለኹ እቲ ዘተ ኣካል ካልኦት ክልላት ስዒቡ ዝመፀ ይኹን'ምበር በቲ ዝነበረ ኩነታት ትግራይ መንግስቲ ፌደራል ፍሉይ ጠመተ ሂቡ ኣብዚ ክሰርሐሉ ኣለዎ። ስዒቡ ድማ ካብ ዝርርብ ናብ ባይታ ክወርድ ክኽእል ኣለዎ። ዓቕምን ድልዉነትን ናይ ባዕሉ ሕቶታት ክህልዎ ይኽእል 'ዩ፤ ግና ኣብቲ ዘተ እቲ ህዝቢ ዘልዕሎም ዝነበረ ፌደራል ምስቲ ከም ሓደ ገዛዕዮ ሒዙ ኣብ ተግባራውነቱ 'ውን ክሰርሐሉ ይግባእ። ህዝቢ ተማዛቢሉ 'ዩ፤ ካብ ምዕራብ ትግራይ ይኹን ክፋል ሰሜናዊ ምዕራብ ደቡብ ትግራይ 'ውን እዚ ህዝቢ ናብቲ ዝነበሮ መረበቱ ንምምላስ ተዛራሪቦም 'ዮም። እዚ ብጣዕሚ ደስ ዝብል 'ዩ፤ ቅድሚ ክረምቲ ምእታዉ ሕድሕድ ህዝቢ ናብታ ዝነበራ ገዝኡ ምስ መከላከያ እናተዘራረበ ብስርዓት ብሕግን ናብ ቦትኡ ንክኣቱ ክግበር ከምዘለዎ እቲ ህዝቢ ተዛሪቡ 'ዩ። ናይ ዶክተር ኣብይ መልሲ 'ውን ከምዚ ስለዝነበረ ነቲ ህዝቢ ንህይወቱ ካብ ዘስግእ ነገር ነፃ ብምግባር ናብ ቦትኡ ክምለስ ኣለዎ። እዚ ድማ ብህዝቢ ዝተልዓለ ጠለባት ኣብዚ ተወከልቲ ዝተረኽቡ ሽማግለታት ፣ ሃይማኖታዊ ኣቦታት ፤መናእሰይን ፤ምሁራንን ደቂ ኣንስትዮን ዝተኣከብሉን ኹሉ ዘሳተፈ ስለዝነበረን ናይዚ ማሕበረሰብ ስምዒት ሒዞም 'ዮም ሕቶን ሓሳብን ሂቦም፤ ፅቡቕ መልሲ ድማ ተረኺቢ 'ዩ እዚ ኣካይዳ ክልመድ ኣለዎ ።

ወጋሕታ ፡- ሕቶ ኢትዮጵያ ኣፍ ደገ ባሕሪ ከመይ ይሪእዎ?

ኣይተ ጎይቶኦም፡- ሃገርና ኢትዮጵያ ዓባይ ሃገር 'ያ፤ ሰፊሕ ህዝቢ ዘለዋ 'ያ። ብፍላይ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪካ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ናብ ባዕላ ወደብ ዝነበራ ሃገር 'ያ። ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኾይኑ እዚ ወደብ ትስእኖ ክኢላ 'ያ። በዚ መንፅር ኸዚ 'ውን እቲ ኣልዒላቶ ዘላ ሕቶ ፍትሓዊ 'ዩ። ከምዝፍለጥ ኣባይ ልዕሊ ሰማንያን ሓሙሽተን ሚኢታዊ ካባና ዝፈስስ 'ዩ ግና እተን ናይ ኣባይ ተፋሰሳ ሃገራት ዝባሃላ ከም ኣጀንዳ ቆፂረን ዋላ ናትና ማይ እንተኾነ ንሰን 'ውን ንክጥቀማሉ ኾይኑ 'ዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ናትና ስለዝኾነ ናይ ካልኦት ጎሮሮ ክዕፆ ኣለዎ ኢልካ ሕጋውነትን ሞራል 'ውን ስለዘይብሉ ካብዚ መንፃር ድማ እዚ ወደብ ድማ ብሕጋዊ ተዝኾነ ረብሕኡ ዓብይ 'ዩ። ብጎንፂ ዘይኾን ነገር 'ዩ ማሕበረሰብ ዓለም 'ውን ዘይድግፎ 'ዩ ፤ ምስ ጎረባብቲ ኢህንሚህን ተባሂልካ ኢትዮጵያ ኣፍ ደገ ባሕሪ ህክልዋ ብኽልቲያዊ ዝርርብ ክስራሕ ይካኣል 'ዩ። እዚ ድማ ብኢኮኖሚያዊ ረብሓ ኣለዎ ፤ፖለቲካዊ ረብሓን ወታደራዊን ፀጥታን ረብሓ 'ውን ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብዚ ባሕሪ ብዙሓት ሃገራት ናይ ባዕልን ድልየት ንምምላእ ብዙሕ ርሕቐት ተጓዒዘን መፂአን ብዙሕ ስራሕ 'ውን ይሰርሓሉ ኣለዋ፤ ኣንሕና ግና ኣብ ቀረባ ኾይና ከም ኣፍደገን ዘይብሉ ገዛ ኾይና ህዝብና 'ውን ብኢኮኖሚ ፀገም እናተሓሰየ ክነብር ስለዘይኽእል ሕጋዊ 'ውን ስለዝኾነ ብምዝርራብ ብዘተን ናይ ምርካብ መሰልና ሕልዉ 'ዩ። እዚ ክኾን ዘለዎ ብዘተ 'ዩ፣ ጎንፂ ኣይኾንን፤ ጎንፂ ንዓና ካብ ታሪኽ 'ውን ዝተምሃርናዮ ነገር ስለዘሎ ብዘተ ግና ክኾን ይኽእል 'ዩ። ንቀፃሊ 'ውን ቁፅሪ ህዝቢ ኢትዮጵያ እናወሰኸ ስለዝመፅእ እዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ዓብይ ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ። እዚ ድማ ካብ ውልቀ ክሳብ ዓበይቲ ትካላት ኣብዚ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ ተሳትፎ ክርኣ ኣለዎን።

**ወጋሕታ፡- ዉዕሊ ሰላም ፕሪቶሪያን ከይዲ ኣፈፃፅምኡን ከመይ ይገልፅዎ ?**

**ኣይተ ጎይቶኦም፡-** እዚ ኣብ ኽልተ ኣካላት ዝተፈጠረ ጎንፂ ንኽልተ ዓመታት ፀኒሑ ኣብ ህይወት ወዲሰብን ንብረትን ዕንወት ከምዘብፅሐ ዝዝከር 'ዩ። እዚ ድማ ከም ህዝቢ ሃገርን ኸሲርና ኢና ። ድሕሪ ብዙሕ ጎንፂ ድማ ናብ ዉዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ተኣትዩ። ዉዕሊ ፕሪቶሪያ ብዙሕ ትርጉም ዘለዎን ፍትሓውን ታሪኻውን 'ዩ። ምኽንያቱ ነዞም ኣሓት ህዝብታት ካብ ምቅሕሓርን ጎንፅታትን ብዙሕ ምጥፋእ ህይወት ወዲ ሰብ ዘድሐነ 'ዩ። እዚ ዝርርብ ድማ ዘይተለመደ 'ዩ። ኣፍሪካውያን ብኣፍሪካያን ብዝብል ቴማ ኣብ ኣተገባብርኡ ብዙሕ ስራሕ እናተሰርሐ 'ዩ። እዚ ድማ ከምዝፍለጥ ኣብ መንጎ ፌደራልን ህወሓትን ቀስ ብቀስ ደረጃ ብደረጃ ስራሕቲ እናተሰርሐ 'ዩ። ብፍላይ ሰብኣዊ ሓገዛት ኣብ ምሃብ ትካላት ፌደራል ኣብ ትግራይ መፂኣን ብማተርያል ይኾን ብገንዘብ ሓገዛት ይገብራ 'የን ። ስራሕቲ ትራንስፖርት ህዝቢ ብነፃነት ክጓዓዝ ተሰሪሑ 'ዩ እናሰርሐ 'ውን ይርከብ። እዚ እንታይ 'ዩ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዘምፀኦ ፀጋ 'ዩ ።

ህዝቢ ከይፈርሐ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ጉዳይ ንግዱ የንቀሳቕስ ኣሎ። ኣብ ሰራዊት ትግራይ ዕጥቂ ምፍታሕ ዝብል ድማ ኣብ ናይ መጀመርያ ዕጥቁ ፈቲሑ ሰርቲፍከኬት ተዋሂቡ ናብ ዓዱ ክምለስ ተገይሩ 'ዩ። ካብ ሰራዊት ምክልኻል ወፃኢ ዘለው ዕጡቓት ብሙሉእ ግዝኣት ትግራይ ክወፁ ይግባእ። ሉኣላውነት ክልላት 'ውን ክሕሎ ኣለዎ። ተመዛበልቲ 'ውን ናብ መረበቶም ክምለሱ ዓብይ ስራሕቲ ክስርሑ ኣለዎም፤ እዚ ድማ ኣብ ቀረባ ፌደራል መንግስቲ ትኹረት ብምግባር ክሰርሐሉ 'የ ዝብል ኣንፈት ኣቕሚጡ 'ዩ። ኣብ መንጎ ፌደራልን ህወሓትን ኸዚ ኣብ ቀረባ ድማ በቶም ኣደራደርቲ ወገናት ዘተ እናተኸየደ 'ዩ እዚ ፅቡቕ ውፅኢት 'ዩ። እዚ ድማ ኣብ ኽልቲኦም ሰግኣት ንከይህሉ ዘፅርይ 'ዩ።ኽልቲኦም ኣካላት ብምትሕብባርን እምነት ብምሕዳርን እዚ ስግኣት ንሓንሳብን ንሓዋርን ክዉገድ ኣለዎ። እቲ ውዕሊ ፕሪቶርያ ሕገመንግስቲ መሰረት 'ውን ዝገበረ ስለዝኾነ እቲ ሕገመንግስቲ ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ከምዝሰርሕ ኹሉ ኣብ ትግራይ ድማ ክሰርሕ ይግባእ። እዚ ድማ መንግስቲ ፌደራልን ክልል ትግራይን ነናይ ባዕሎም ገዛዕዮ ብምውሳድ ተግባራዊ ኣብ ምግባር እናተኸደ ዘሎ ምቅስቃስ ክጠናኸር ይግባእ። ኾይኑ ግና ጉዳይ ተመዛበልቲ ናብ ቦተኦም ናይ ምምላስ ስራሕቲ ግና ንፅባሕ ዝባሃል ጉዳይ ኣይኮነን።

ሓደ ሓደ ሰባት ወይ ኣካላት ውዕል ፕሪቶሪያ ፈሪሱ 'ዩ ይብሉ እዚ ጌጋ ኣተሓሳስባ 'ዩ፤ ነዚ ጉጉይ ኣተሓሳስባ ዘንፀባርቁ ዘለዉ ኣካላት ግን ነቲ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ህወሓትን ዝተፈጠረ ናይ ሰላም ስምምዕነት ዳግም ፈሪሱ ነቲ ኣዕናዊ ኹናት ክቕፅል ብዘለዎም ኣሉታዊ ድሌት ብምዃኑ ህዝቢ ብኣጋ ክነቅሓሎም ይግባእ ይብል።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ዳግመ ህፀት ትግራይ ግደ ዳያስፖራ ትግራይ እንታይ ክኸውን ኣለዎ?**

**ኣይተ ጎይቶኦም፡-** ግደ ዳያስፖራ ኣብ ህንፀት ትግራይ ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ዝፍለጥ 'ዩ። ኣብ ወፃኢ ዘሎ ተወላዲ ኢትዮጵያ ኾነ ትግራይ ኣብ ዝነበረ ነይሩ ናብ ሃገርይ ኢሉ መፂኡ ዝዓርፈሉ 'ዩ። ደገ ናይ ዕዳጋ ህይወት 'ዩ። ዕዳጋ ኢኮኖሚኻ ንክተደንፍዕ ናይ ግድን ተሰዲድኻ ብዙሕ ነገር ክትግበር ትኽእል ኢኻ። ኾይኑ ግና ኣብ ዓድኻ እትቕበረላ መሬትኻ ድማ ግድን እጃም ክህልወካ ይግባእ።

ዳያስፖራ ትግራይ ቅድሚ ኸዚ ፅቡቕ ስራሕ ይሰርሕ ነይሩ 'ዩ ፤ ኸዚ ኣብ ዳግመ ህንፀት ድማ ዕዙዝ እጅም ከወፍይ ከምዘለዎ ርድኡ 'ዩ። ምኽንያቱ ሃፍቲ ኣለዎ ፤ፍልጠት ኣለዎ ኣብቲ ዝነብሉ ቦታ ብዙሕ ተሞክሮታት 'ዩ ዘለዎ እዚ ድማ ኣብ ህንፀት ሃገሩን ክልሉን ብዝግባእ እንታይ ክሰርሐ? እንታይ 'የ ሰሪሐላ? ኢሉ ክሰርሕ ይግባእ። ሓኪም እንተኾይኑ ብሞይኡ ንህዝቡ ክረብሕ ፤ ባዓል ሞያ ቴክኖሎጂ እንተኾይኑ ብሞይኡ ፣ ነጋዳይ ድማ ብንግዱ ብታ ዘላቶ ፀጋ ንህዝቡን ክልልን ዝጠቅም መድረኽ ኢና ዘለና። ዳያስፖራ ንፅባሕ ዘይባሃል ዋኒን ከምዘለዎ ፈሊጡ ኣብዚ ሐዚ ንትግራይ ክበፅሐላ ኣለዎ። ኣፈላላይ ፖለቲካን ኣፈላላይ ሓሳብን ክህሉ ይኽእል 'ዩ፤ ግና ንተጋሩ ሓደ ዝገብረና ብዘተ ኢህንሚህን ብምባል ንሃገርና እንጥቅመሉ ግዜ ኢና ዘለና። ምፍልላይ ፖለቲካና ንኻልእ እዋን 'ዩ። ኸዚ ትግራይ ኸሲራ 'ያ ዘላ ፤ እዚ ኪሳራ ከመይ ገይርና ኢና ነካሓሕሶ ? ናይቲ ዝነበረ ፅቡቕ ግዜ ክንምልሶ እንኽእል ብምባል ዘተ ብምክያድ ኣብዚ ኸዚ እዋን ብፍሉይ ትኹረት ኣብ ትግራይ ክገብር ኣለዎ ይብል።

**ወጋሕታ፡- ውልቀ ሰብ ሃፍቲን ምሁራንን ትግራይ ከ?**

**ኣይተ ጎይቶኦም፡-** ግደ ሰብ ሃፍቲ ተጋሩ ብፍሉይ ኣብዚ ሐዚ እዋን 'ዮም ክሰርሑ ዝግበኦም። ሃፍቲ ሒዝካ እንድሕር ህዝቢ ዘየለ ሃፍቲ ሒዝኻ መረበትካ ዓንዩ በይንኻ

‹‹ዳያስፖራ ንፅባሕ ... ገፅ 6

# ‹‹ዳያስፖራ ንፅባሕ ዘይባሃል ...

ተሪፍካ እቲ ሃፍቲ ‘ውን ዋጋ የብሉን። ሃፍቲ ስለዘለካ ክትኸበር ኣይትኽእልን። ኣብ ዓዱ መፂኡ ግና ብዙሕ ስራሕቲ ክሰርሕ ይኽእል ‘ዩ። ኣብ ዘፈር ኮንስትራክሽን ድዩ ፣ ቤት ትምህርቲ ኣብ ምስራሕ ግልጋሎት ኣብ ምሃብን ኣብ ዝተፈላለየ ምቅስቃሳት ተሳትፎ ብምግባር ክሕግዝ ከምዘለዎ ይስመዓኒ። ምኽንያቱ ፅባሕ ሃገር ኣላትኒ እንድሕር ትብል ኮይንካ ሎሚ ነዛ ሃገርን ህዝብን መሬትን እንድሕር ዘየድሒንካዮ ናትካ ሃፍቲ ምንም ኣይኮነን ‘ዩ ማለት ‘ዩ።

ሃፍቲ ብዘይ ሃገር ምንም ዋጋ የብሉን። እቲ ዝተረኸበ ሃፍቲ ክኸበር እንድሕር ኾይኑ ኣብ ህዝብኻን መሬትኻን ክውዕል ከሎ ‘ዩ። ስለዚ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ህንፀት ትግራይ ዓብይ እጃም ከምዘለዎም ‘ዩ ክሕብር ዝኽእል። ሃፍቶም ኣፍሲሶም ብዙሓት ስራሕቲ ክሰርሑ ይኽእሉ ‘ዮም። ብፍላይ ኸዚ ዝዓነወ ቤት ትምህረቲ፣ ዝዓነወ ጥዕና ጣብያ ፣ኣብ ገጠር ዝርከብ ኣደታታ ብምዝካር ፣ ብሰንኪ ሕፅረት ኣምቡላን ሕሙማትን ሓራሳትን ናብ ቐድም ባህላዊ ኣሰራርሓ ብምምላስ እዚን ከምዚን ዝበሉ ፀገማት ኣብ ምቕራፍ እቶም ሰብ ሃፍቲ ናብ ምስራሕ ዓቕሚ ኣለዎም ‘ዩ ክሰርሑ ድማ ትፅቢት ይግበር ።

**ወጋሕታ፡- ጉዳይ ፀጥታን ትግራይን መፍትሒኡን ብኸመይ ይገልፅዎ ?**

**ኣይተ ጎይቶኦም፡-** ኣብ ጉዳይ ፀጥታ ብዝምልከት ቅድሚ እቲ ኹናት ዝነበረ ክኾን ትፅቢት ኣይግበርን ፤ ምኽንያቱም ኣብቲ ዝነበረ ኹናት ብዙሕ ነገራት ስለዝተበላሸወ ኸዚ ምሉእ ብሙሉእ ኣይተቐረፈን። ሰባት ብነፃነት ምንቅስቓሶም ተገዲቡ ‘ዩ ፣ ብቐትሪ ዘረፋ ይካየድ ኣሎ ‘ዩ። እዚ ድማ ጉዳይ ፀጥታ ናብ ንቡር ክሳብ ዝምለስ ብዙሕ ስራሕቲ ‘ዩ ክስራሕ ዝግበኦ።

ፌደራል መንግስቲ ድማ ነቲ ጉዳይ ፀጥታ ትኹረት ብምግባር እቲ ዘሎ ፀገም ምቅላል ይኽእል ‘ዩ። እዚ በይንኻ እትሰርሖ ስራሕ ‘ውን ኣይኮነን ፣ ምኽንያቱ ብዙሕ ዝተበላሸወ ነገራት ‘ውን ስለዘሎ ። ስርዓት ኣልበኝነት ኣሎ ፣ብጉጅለ ኾይንካ ናይ ሰብ ሃፍቲ ንብረት ምዝራፍ ኣሎ ።እዚን ከምዚን ዝበሉ ምስ ፌደራል ተሓባቢሪርካ ምስራሕ ከምዝግባእ ‘የ ክሕብር ዝኽእል። እዚ ‘ውን ከም ሃገር ዘደንግፅ ‘ዩ። ኸዚ ብቀሊሉ ዝተጀመረ ነገር እንድሕር ብእዋኑ ፍታሕ ተዘይተገይርሉ ባዕሉ ዝኻኣለ ናይ ሽብር ዓይነት ስራሕ ክስራሕ ይኽእል ‘ዩ። እዚ ድማ ህዝቢ ብነፃነት ተንቀሳቒሱ ንከይሰርሕ ዓብይ ስግኣት ዝፈጥር ‘ዩ። ስለዚ እዚ ፌደራል መንግስቲ ምስ ክልል ተሓጋጊዙ ፍታሕ ዝኾኑ መንገዲ ከምፅኡ ይግባእ።

ወጋሕታ፡ ንዝነበረና ፃንሒት የመስግን።

ኣይተ ጎይቶኦም ፡- ኣነ ‘ውን የመስግን።

# ድሕሪ እቲ ስምምዕነት...

ኣብቲ ክልል ናይ ምርግጋፅ ስምዒት ከምዝፈጠረን ክልል መንግስቲ ናይ ምምስራትን ከምኡ 'ውን ሕጋዊ ዝኾነ ኸይዲ ለውጢ ምግባርም ብምዝኽኻር ፤ ኣፈፃፀምኡ ሙሉእ ንክኸውን ድማ ምስ ማሕበረሰብ ዘተ ብምግባር ኣድላይ ብምዃኑ ነዚ ንምግባር ምስ መንግስቲ ፌዴራል ምትሕብባር ብምግባር ምስቲ ማሕበረሰብ ምኽክር ምግባሩ ኣረዲኦም።

ተፈናቐልቲ ብዝምልከት ዝተልዓሉ ሓሳባት፤ ሰብ ካብ መረበቱ ተፈናቒሉ እንትነብር ብጣዕሚ ከቢድ ከምዝኾነ ብምሕባር፤ ኮሚቴ ተመስሪቱ ኹሎም ተፈናቐልቲ ናብ ቦትኦም ንክምለሱ ክግበር 'ዩ ኢሎም።

እቲ ሕብረተሰብ ናብ ገዝኡ ድሕሪ ምምላስ የምሓድረኒ 'ዩ ዝብሎ ሰብ ካብ ባዕሉ ይመርፅ፤ ካብኡ ድማ ድሕሪ ምርግጋእ ማንነቱ ብሪፈረንደም ክመርፅ 'ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስተር፤ ናይ መጀመሪያ ጉዳይ ግና ገዝኡን ሕርሻኡን ክረክብ ምግባር ነዚ ድማ መንግስቲ ኣድላይ ሓገዝ ከምዝገብር ኣረዲኦም።

ሐዚ 'ውን ውግእ ዝደልዩ ሰባት ኣለው 'ዮም ህዝቢ ትግራይ ይኣኽለኩም ክብሎም ይግባእ ዝበሉ ዶክተር ኣብይ፤ ክልል ትግራይ ብልምዓትን ብዝተፈላለዩ ስራሕትን ዝቅየረሉ ዝኾነ ይኹን መንገዲ እንተሃልዩ በሙሉእ ልቢ ንምስራሕ ቁርፀኛ ምዃኖም ተዛሪቦም። ካብ መንግስቲ ንዝግበሩ ናይ ሓባር ስራሕቲ ካብቲ ማሕበረሰብ ወገን ሰፊሕ ምትሕብባር ከምዘድሊ ኣመላኺቶም።

ልምዓት ብዝምልከት እቶም ቀዳማይ ሚኒስተር ከምዝገልፅዎ፤ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተርኣየ ልምዓት ኣብ ካልኦት ክልላት 'ውን ንክድገም ዝተልዓለ ሕቶ ግቡእ ከምዝኾነን ብምግላፅ፤ ትግራይ ይኹን ኣዲስ ኣበባ ዝለምዕ ብፃዕሪ ሰባት ብምዃኑ ኩሉ ካብ ልቡ እንተተቀራሪቡ እንተዘትዩን ዕብየት ምምፃእ ዝከኣለሉ መንገዲ ቀሊል 'ዩ ክብሉ ተዛሪቦም።

መንግስቲ ምግቢ፣ መድሓኒት፣ ማዳበሪያ፣ ትራክተርን ካልኦት ኣድለይቲ ሓገዛት እናገበረ ምዃኑ ብምሕባር፤ ካሊእ ኢትዮጵያዊ ፀጊቡ እናሓደረ ትግራይ ንክጠሚ ኣይግበርን ክብሉ ተዛሪቦም።

ድሕሪ ስምምነት ፕሪቶሪያ መንግስቲ ብካሽ 45 ቢሊዮን ብር ብንዋታዊ ድማ 19 ቢሊዮን ብር ሓገዝ ምድባሩ ብምሕባር፤ ዓቅሚ ምንኣስ ኢትዮጵያ 'ምበር ካብዚ ብላዕሊ ሓገዝ ምግባር የድሊ ነይሩ ክብሉ ኣብሪሆም፡፡

ከምኡ'ውን ብትምህርቲ፣ ብጥዕናን ብኻልኦት በመሰረተ ልምዓታትን ዓቅሚ ብዝፈቀዶ መልክዕ መንግስቲ እናሓገዘ ከምዝኾነ ብምሕባር፤ ብምትሕብባርን ብምኽክርን ብዝተመስረተ ኣግባብ ብሓባር መስራሕ ዝከኣለሎም ጉዳያት ተጠናኺሩ ክቅፅል ከምዝግባእ መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም።

ኣብቲ ክልል ዘጋጥም ዘሎ ኣብዝሓ ፀገም ጊዜ እንተወሰደ'ውን ክፍታሕ ዝኽእል ምዃኑ ብምዝራብ፤ ትግራይን ዳግም ንምህናፅ ሰብሃፍቲ ብምትሕብባር ቴሌቶን ናይ ምትእኽኻብ ስራሕ ንክስራሕ ኣመልኺቶም።

# ዓብዪ ሰብ...

ዓማውቲ ጥራሕ ተሊሞም እናኸፈሉ እናሃለዉ ግድብ ኣባይ ንኽጉብንዩ ፃውዒት ከም ዝተገበረሎም ይዛረቡ፡፡እዞም ፈታዊ ልምዓት ነቲ ግድብ ምስ ረኣዩ ብዙሕ ተስፋ ከም ዝሰነቑ ብምሕባር፤ለይትን ቐትርን ዝህነፅ ዓብዪ ግድብ ከም ዝኾነ ምግንዛቦም የረድኡ፡፡

ኣፍቲ እዋን እሱ ድማ ንሩባ ኣባይ እናጠመቱ ተገዲቡ እስካዕ ዝውዳእ ቦንድ ንኽዕድጉ ንባዕሎም ቃል ኣተዉ፡፡ብመሰረት ቃሎም ድማ እስካዕ 2013 ዓ/ም በቢወርሑ ቦንድ ካብ ደመወዞም እናተቖረፀ ክዕድጉ ፀኒሖም፤ እስካዕ ሐዚ 102 ቦንድ ዓዲገ ይብሉ፡፡

ፈለማ ቦንድ ምዕዳግ እንትጅምሩ መሃይኦም ኸልተ ሽሕ ከም ዝነበረ ይዛረቡ፤ካፍታ ኸልተ ሽሕ ሓደ ሽሕ ቐርሺ በብወርሑ ቦንድ ይዕድግ ነይረ ይብሉ፡፡

ኣይተ ኪሮስ፤ነቲ ግድብ ብዓይነይ ምርኣየይ እስካዕ ሐዚ መፅናንዒ ኾይኑኒ ‘ዩ ይብሉ፤ወርሓዊ መሃይኦም እንትውሰኽ ድማ ክፍሊት ቦንድ ይውስኹ ከም ዝነበሩ የዘኻኽሩ፡፡ እስካዕ ሐዚ ናይ 180 ሽሕ ብር ቦንድ ከም ዝዓደጉ ይዛረቡ፡፡ «እቲ ዝዕድጎ ዘለኹ ቦንድ ቐርሺ ተሪፉኒ ዘይኮነስ ካፍታ ዝርካበይ ንልምዓት ዓደይ ከውዕል ብምሕሳብ ‘የ» ይብሉ፡፡

ኣውደ ዓመት እንተኸብሩ ቐድም ክብል ጤል ይሓርዱ ከም ዝነበሩ ብምዝኽኻር ቦንድ ምኽፋል ድሕሪ ምጅማሮም ግና ግና ዶርሆ ዓዲጎም ከም ዘኽብርዎ ይዛረቡ፡፡ንቐለብ ዝኸውን ጣፍ ብኻሊእ ብምትካእ እቲ ቐርሺ ንዕድጊት ቦንድ ከም ዘውዕልዎ ይዛረቡ፡፡

ኣብዚ ሐዚ እዋን ግድብ ኣባይ እናተዛዘመ ብምዃኑ ሕጉስ ‘የ ይብሉ፤ግድብ ኣባይ ሃፍቲ፣ ፅላልን መብራህትን ኢትዮጵያ ስለዝኾነ ኹሉ ብዝከኣሎ እስተዋፅኦ ከም ዝገበረ የዘኻኽሩ፤እቲ ግድብ ድሕሪ ምዝዛሙ ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ንጎራብቲ ሃገራት ብርሃን ክኸውን ‘ዩ ይብሉ፡፡

እዞም ፈታዊ ልምዓት ብሰንኪ ኲናት ባንኪ ተዘይዕፆ ነይሩ ቦንድ ምዕዳገይ ኣይመቋረፅኩን ይብሉ፡፡እሞ ንቓሉ ዝእመንን ብተግባር ዝገልፅን ሰብ ዓብዪ ክብሃል ይግበኦ እናበልና ሰሰናዩ ተመኒና፡፡

# “ምዝታይ ዘድለየ እቲ...

ጉጅለ ኣዋቂርና ኣለና፤ኣብ መሬት ዘሎ ክንሪኢ ኢና። ከረጋግፀልኩም ዝደሊ ካሊእ ከባቢ ፀጊቡ ትግራይ ኣትጠምይን። ኣብዚ እዋን ኢትዮጵያ ዋላ እንተዘይፀገበት በሊዓኻ ንምሕዳር ግና ተኣኪል ‘ያ። ብዙሕ ስግኣት ኣይሕደርኩም ፖለቲካ ግና ኣይንግበሮ ጥምየት ፀገም ኣይትበሉ፡፡ ትራክተር መዳበርያ ኣእቲና እቲ ህዝቢ ናብ ስራሕ ንምእታው ንሕግዝ ኣለና ኢና ካብኡ ዝተረፈ ድማ እናረአና ተሓጋጊዝና ክንሓልፎ ኢና። ጥምየት ኩሉ ግዜ የለን ኣብ ዝኾነ እዋን መፂኡ ዝኸድ ‘ዩ።

**መሰረተ ልምዓት**

መሰረተ ልምዓት ድሕሪ ስምምዕነት ፕሪቶርያ ብዙሕ ሓጊዝና ኢና። ብመብራሕቲ፣ ብቴሌኮሙኒኬሽን፣ ብትምህርቲን ብጥዕናን ብኹሉ ንረባረብ ኣለና ኢና። ይኹን ‘ምበር ኹሉ ዝተመለሰ እኹል ድዩ እንተይልና ግና እኹል ኣይኮነን። ንዕኡ ምዕጋን ጥራሕ ዘይኮነስ በቲ ዘሎ ህዝቢ ልክዕ እናሰራሕኻ ምኻድ የድሊ ‘ዩ። ክሳብ ሐዚ ዝገብርናዮ ምስ ካልኦት ብምዃን ብሓባር ክንግምግም ኢና ቅድም ኢልና’ውን ገምጊምና ኢና ብዝተኽኣለ መጠን ድማ እናሓገዝና ክንኸይድ ኢና። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ነገር ግና ስርዓት ፌደራል ከምዝተፈልጥዎ ዝፈቅደልና ምትእስሳራት ፖለቲካን ኢኮኖሚን ኣሎ፤ዘይፈቅደልና ውን ኣሎ። ንኣብነት በጀት ብፓርላማ ፀዲቁ ንኹሉ ክልላት ‘ዩ ዝከፋፈል። ነዚ ዘመሓዳድሩ ድማ ክልላት ‘ዮም። መንግስቲ ፌደራል ፓርላማ ካብ ዘፅደቆ ወፃኢ ዝተፈልየ ዘንቀሳቕሶ ሃፍቲ የብሉን። ብኡ ‘ዩ ክፍታሕ ዝሙኮር። ብፖለቲካዊ ነፃ ንኹን ባዕልና ነመሓዳድር ከምዝበልኩሞ ኢኮኖሚ ባህርዩ ከምኡ ‘ዩ። ከምዝደለናዮ ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና።ሐዚ በዚ ዘጋጠመና ነገር ኢና ብዝተፈልየ ክንኸይድ እንሙክር ዘለና።

ኣፍልጦ ህወሓት ብዝምልከት ከምዘለዐዎ ናይ መረፃ ቦርድ ጉዳይ ‘ዩ። ብኣና ወገን ግና ክወሃብ ኣለዎ ኢና ንኣናምን። ኣብ ቀረባ ግዘ ኣዘራሪብናዮም ነይርና ኢና ዝፍታሕ ድማ ይመስለኒ ብዙሕ ከቢድ ዝኾነ ጉዳይ ኣይኮነን።

ልቓሕ ባንኪ ብዝምልከት ከምዝተፈልጥዎ ቁሩብ ውስብስብ ዝበለ ጉዳይ ስለዝኾነ ኣብዚ ንምዝራብ ይኸብደኒ ‘ዩ። ዝሐሸ ግና ካብ ቢሮ ክልተ ኣማኸርቲ ኣለው እኒ ኣይተ ግርማ እኒ ኣይተ ተክለወልድ ኣይተ ኣብርሃም ጌታቸው ‘ውን ግዜ እንተሃልይዎ ኸይድኹም ገዛኢ ባንኪ ፣ሚኒስትር ኢንዱስትሪ፣ ሚኒስትር ንግዲን ሚኒስትር ልምዓትን ፋይነንስን ኮይንኹም ተዘራርቡሉ እሞ ዝክኣል ነገር እንተልዩ ንምሕጋዝ ፀገም የለን።

ዋና ጉዳይ ብኣና ወገን ሰላም ብጥዓዕሚ ኢና ንደልዮ። ይኣኽለና እዚ ኹሉ መፂእና ዘሎ ፀገም በዚ ‘ዩ። ሐዚ ‘ውን ግና ካብ ዝሓለፈ ዘይተምሃሩ ውግእ ዝደልዩ ሰባት ኣለው ‘ዮም ይኣኽለኩም ክበሃሉ ኣለዎም። ፀገማት እንተሃልዮም ከምዚ እናተመኻኸርና ተንፈትሖ ይሃይሽ።

**ብኤርትራ ዝተተሓዘ መሬት**

ምስ ኤርትራ መንግስቲ ተተሓሒዙ መሬት ተታሒዙና ኣብ ዝብል ኣብ ቀረባ እዋን ምስ እኒ ጌታቸው ኣብ ዝነብረና ግምገማ ኣልዒሎሞ ነይሮም ‘ዮም። ካባናን ካብ ክልል ትግራይን ናይ ሓባር ኮሚቴ ተዋቂሮም ነቲ ቦታ ሪኦም ካብ ኣልጀርስ ስምምዕነት ወፃኢ ዝኾነ እንተሃልዩ እቲ ሪፖርት እንትመፅእ ንሪኦ ኢና። ዝኾነ ናይ ዝኾነ ቦታ ብሓይሊ ሒዙ ንዘለኣለም ክነብር ኣይኽእልን። ከይንዋጋእ ካልኣይ ጎንፂ ከይፍጠር ትርፊ ዝኸደ ነገር እንትሃልዩ ርኢና ብዕላዊ ይስተኻኸል ኢልና ክንዛረብ ንኽእል ኢና።

ብሓፈሻ ከም ኣገላልፃ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ፤ እቲ ዝነበረ ዘተና፥ እቲ ዝተገለፀ ሓበራዊ ዕላማና ንምዕዋት ዝበለፀ ደገፍ ዝህብ ነይሩ ብምባል፤ ኣብ ክልል ትግራይ ሰላምን ልምዓትን ንምንጋስ ዘለና ቁርፀኝነት ኩሉ ግዘ ፅኑዕ ‘ዩ ክብሉ ኣፅንኦት ሂቦም።

# ኣብ ክልል ትግራይ...

ጥሮታ ብዘይተሰብሰበሉ ኩነታት ጡረታ ንክኸፈል ዝፈቅድ ኣሰራርሓ ዘይምህላዉ ድሕሪ ምግላፅ ፤ እቲ ውሳነ ፖለቲካዊ ከምዝኾነ ተዛሪቦም፡፡ በዚ ድማ ቅድሚ ስምምዕነት ፕሪቶሪያ ክፍሊት ተቋሪፅሎም ዝነበሩ ጥሮተኛታት ኣብ ዝቕፅል ሰሙን ክፍሊት ክፍፀመሎም 'ዩ ኢሎም፡፡

እዚ ውሳነ መንግስቲ ሕቶ ህዝቢ ምምላስ ድልየት ዝተርኣየሉ 'ዩ ዝበሉ እቶም ሚኒስትር ዴኤታ፤ እቲ ኣሰራርሓ ብመንግስቲ ትካላት ንውልቀ ትካላት ዝሰርሑ ዝነበሩ ጥሮተኛታት ከምዝምልከት ገሊፆም ፡፡

ቅድሚ ሰሙን ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ካብ ክልል ትግራይ ዝመፁ ተወከልቲ ህዝቢ ኣብ ዝገበርዎ ዘተ ፤ ክፍሊት ጥሮተኛታት ደሞወዝ ኣይተፈፀመን ዝብል ቅሬታ ኣቕሪቦም ከምዝነበረ ዝዝከር 'ዩ፡፡ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብቲ እዋን «ምስ ዝምልከቶም ሓለፍቲ ስራሕ ተዘራሪብ ኣብ ሓፂር እዋን መልሲ ክዋሃብ 'ዩ» ዝብል መልሲ ሂቦም ነይሮም፡፡

ንዚ ስዒቡ ኣብ ዝተበፅሐ ፖለቲካዊ ውሳነ ፤ ብምኽንያት እቲ ኹናት ዘይተኸፈለ ደሞወዝ ጥሮተኛታ ተሰሪሑ ይከፈሎም ተባሂሉ 'ዩ፡፡ ኣብ ኢትዮጵያ ሕገ መሰረት ጡረታ ዝኸፈል ካብ ሰራሕተኛ ንጡረታ ካብ ዝሰብሰብ ገንዘብ እንትኾን ፤ ኣብቲ ኹናት እዋን ኣብ ክልል ትግራይ እዚ ገንዘብ ምስብሳብ ከምዘይተኻኣለ ተገሊፁ፡፡

ኾይኑ ግና ብውሳነ ፖለቲካ ፣ ጡረተኛ ብምኽንያት ኹናት ዘይተኸፈሎ ገንዘብ ንክኽፈሎም ተወሲኑ ኣብ ቀፃሊ ሰሙን ተግባራዊ ከምዝግበር ተገሊፁ፡፡

# ‹‹ ሕቶ ኣፍ ደገ...

ጥንቲ ጀሚሩ ናብ ባዕላ ወደብ ከምዝነበራ ድሕሪ ምግላፅ ፤ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኾይኑ እዚ ወደብ ትስእኖ ክኢላ ‘ያ ኢሎም፡፡

በዚ መንፅር ኸዚ ‘ውን እቲ ኣልዒላቶ ዘላ ሕቶ ፍትሓዊ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ ጎይቶኦም፤ ከምዝፍለጥ ኣባይ ልዕሊ ሰማንያን ሓሙሽተን ሚኢታዊ ካባና ዝፈስስ ‘ዩ ግና እተን ናይ ኣባይ ተፋሰስ ሃገራት ንክጥቀማሉ ኾይኑ ‘ዩ ፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ናትና ስለዝኾነ ናይ ካልኦት ጎሮሮ ክዕፆ ኣለዎ ኢልካ ሕጋውነትን ሞራል ‘ውን ስለዘይብሉ ካብዚ ኣንፃር ድማ እዚ ወደብ ድማ ብሕጋዊ መገዲ ኢትዮጵያ እንተረኺባ ረብሕኡ ዓብይ ‘ዩ ክብሉ ኣብሪሆም፡፡

ከም ኣይተ ጎይቶኦም ገለፃ ፤ ብጎንፂ ዘይኾን ነገር ‘ዩ ማሕበረሰብ ዓለም ‘ውን ዘይድግፎ ‘ዩ ፤ ምስ ጎረባብቲ ኢህንሚህን ተባሂልካ ናይ ኢትዮጵያ ኣፍ ደገ ባሕሪ ህክልዋ ብኽልቲያዊ ዝርርብ ክስራሕ ይካኣል ‘ዩ ፡፡ እዚ ድማ ብኢኮኖሚያዊ ፤ፖለቲካዊ ፣ ወታደራዊን ፀጥታን ረብሓ ‘ውን ኣለዎ ኢሎም፡፡ ኣብዚ ባሕሪ ብዙሓት ሃገራት ናይ ባዕልን ድልየት ንምምላእ ብዙሕ ርሕቐት ተጓዒዘን መፂአን ብዙሕ ስራሕ ‘ውን ይሰርሓሉ ኣለዋ፤ ኣንሕና ግና ኣብ ቀረባ ኾይና ኣፍደገን ባህሪ ዘይብሉ ኾይና ህዝብና ‘ውን ብኢኮኖሚ ፀገም እናተሓሰየ ክነብር ስለዘይኽእል ሕጋዊ ‘ውን ስለዝኾነ ብምዝርራብ ብዘተን ናይ ምርካብ መሰልና ሕልዉ ‘ዩ ክብሉ ገሊፆም ፡፡

ኾይኑ ግና እዚ ክኾን ዘለዎ ብዘተ ‘ዩ፣ ጎንፂ ንዓና ካብ ታሪኽ ‘ውን ዝተምሃርናዮ ነገር ስለዘሎ ብሰላማዊ መገዲ ብምኽታል ፤ ንቀፃሊ ‘ውን ቁፅሪ ህዝቢ ኢትዮጵያ እናወሰኸ ስለዝመፅእ እዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ዓብይ ስራሕ ክስራሕ ኣለዎ፤ እዚ ድማ ካብ ውልቀ ክሳብ ዓበይቲ ትካላት ኣብዚ ስራሕቲ ዲፕሎማሲ ተሳትፎ ክርኣ ኣለዎን ኢሎም፡፡

# ኣብ ሞንጎ ክልሳት ኣምሓራን ትግራይን ዘለው ፀገማት ብቕልጡፍ ንክፈትሑ ኣብ ስምምዕነት ተበፂሑ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

<u>ኣዲስ ኣበባ:-</u> ኣብ ሞንጎ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ናይ ይግብኣኒ ሕቶ ዘለዎም ከባቢታት ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያዊን ፀገማት ብቕልጡፍን ብዘላቒነትን ክፍታሕ ከምዝግባእ ኣብ ስምምዕነት ከምዝተበፅሐ ተገሊፁ፡፡

ፀብፃብ ፋና ብሮድካስት ከምዘመልከቶ ኣብ ሞንጎ ክልላት ኣምሓራን ትግራይን ናይ ይግብኣኒ ሕቶ ዝልዓለሎም ከባቢታት ብመሰረት ሕገ መንግስትን ስነ ሕገ መንግስታዊ ስርዓትን ብዘላቒነት ዕልባት ንምሃብ ብብርኪ ብሄራዊ ኮሚቴ ተመስሪቱ እናተሰርሐ ከምዝፀንሐ ተገሊፁ።

ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ኣይተ ተመስገን ጥሩነህ፣ ዳይሬክተር ጀነራል ግልጋሎት ብሔራዊ ሓበሬታን ደሕንነት ኣምባሳደር ሬድዋን ሁሴንን ናይ ክልቲኡ ክልላት ርእሰ ምምሕዳራትን ከምኡ 'ዉን ነቲ ጉዳዩ ዝምልከቶም ተሳተፍቲ ኣብ ዝትረኽብሉ ኣፈፃፅምኡ ብሔራዊ ኮሚቴ ተገምጊሙ 'ዩ።

ክፍፀሙ ዝግብኦም ከይተፈፀሙ ዝደንጎዩ ጉዳያት ተላዒሎም ገምጋም ከምዝተገበረሎም ብምሕባር፤ ብመሰረት እቲ ገምጋም ድማ ኣብ ኸይዲ ኣፈፃፅምኡ ዝነበሩ ጠንካራን ደካማን ጎንታት ከምዝተፈለዩ 'ውን ተገሊፁ፡፡



ስለዝኾነ ናይ መንነትን ናይ ይግብኣኒ ሕቶ ዘለዎም ከባቢታት ፖለቲካዊ፣ ማህበራዊን ኢኮኖሚያዊን ፀገማት ብቕልጡፍን ብዘላቒነት ክፍታሕ ከምዝግባእ ኣብ ስምምዕነት ከምዝተበፅሐ ተፀብፂቡ 'ዩ።

በዚ መንፅር ተፈናቐልቲ ኣብ ሓፂር እዋን ናብ መረበቶም ናይ ምምላስ ጉዳይ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ዝፍፀመሉ ኣግባብ ኣብ ምትምማን ምበፅሖም ተመልኪቱ።

ብተወሳኺ ብብርኪ ብሄራዊ እዚ ንክፍፅም ዝተቋቋመ ኮሚቴ ቀዋሚ ሰሌዳ ግዝ እናተራኸቡ ኣብ ሓፂር እዋን ውሽጢ ነቲ ጉዳዩ ዕልባት ንክወሃቦ ኣብዚ ሰሙን ኣብ ዘተገበረ ኣኼባ ምውሳኑ ካብ ብሄራዊ ኮሚቴ ዝበፅሖ ሓበሬታ ከምዘመላኸት ፀብፂቡ ፋና ብሮድካስት የመልክት።

# ዩኒቨርሲቲ መቐለ ስራሕቲ ሪፎርም ኣካዳሚክን ስትራክቸርን ወጊኑ ናብ ተግባር ከም ዝኣተው አፍሊጡ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

<u>ኣዲስ ኣበባ፡-</u> ዩኒቨርሲቲ መቐለ ስራሕቲ ሪፎርም ኣካዳሚክን ስትራክቸርን ወጊኑ ናብ ተግባር ከም ዝኣትው ኣፍሊጡ። ድሕሪ ኽልተ ወርሒ ብመሰረት እቲ ሓዱሽ ሪፎርም ስራሕቲ ከም ዝጅምር ድማ ገሊፁ።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ መቐለ ፕሬዚደንት ፋካሊቲ ኣካዳሚክ ዝኾኑ ዶክተር ዓብድልቃድር ከሪም ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከም ዝበልዎ፤እቲ ዩኒቨርሲቲ ሎምዘበን ኽልተ ሽሕን ሰላሳን ሓሙሽተን ተምሃሮ ዘመረቐ እንትኸውን፤ኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ፈላማይ መንፈቕ ዓመት ትምህርቲ ዛዚሙ ኻልኣይ ሴሚስተር እናቐፀለ ይርከብ።

ንቐፃሊ ብፕሮግራም ማስተርስን ፒኤችዲን ንምጅማር ኣብ ምድላው ከም ዝርከብ ብምጥቃስ፤ቐድም ክብል ዝነበሩ ስራሕቲ ምርምር ንምቕፃል ናይ በጀት ምትዕርራይ ብምግባር ናብ ስራሕ ከም ዝኣቱ ሓቢሮም።

እቲ ዩኒቨርሲቲ ንበጀት ዓመት 2016 ዓ/ም ብመሰረት ዘቐመጦ ትልሚ ስራሕቲ ሪፎርም ኣብ ምውጋን ከም ዝርከብ ዝገለፁ እቶም ፕሬዚደንት፤ዘጋጠሞ ሕፅረት በጀት ተፃዊሩ ተምሃሮ ክምረቑ ምግባሩን ሓደሽቲ ተምሃሮ ምቕባሉን ከም ጥንኩር ጎኒ ዝርኣይ 'ዩ ኢሎም።

እቶም ፕሬዚደንት ከም ዝበልዎ፤እቲ ዩኒቨርሲቲሲ ልዕሊ ዓሰርተ ሓደ ሽሕ ተምሃሮ እናምሃረ እንትኸውን፤ንቐፃሊ ልዕሊ እቶም ዘለዉ ናይ ምምሃር ዓቕሚ ከም ዘለዎ ብምግላፅ፤ክንድቲ ዝተደለየ ንምኻድን ኢንተርናሽናል ኮርስታት ንምሃብን እናተሰርሐ 'ዩ።

ኣብ ኸይዲ ምምሃር ምስትምሃር ከም ዕንቅፋት ዝኾነ ሕፅረት በጀት፤ብፍላይ ተምሃሮ ግቡኦም ንኽግበረሎም ከምኡ ድማ እቶም ተምሃሮ ካብ ስሩዕ ትምህርቲ ቐፂሎም ብተግባር ክሪእዎ ዝግበኦም ፍልጠት ንምርካብ እቲ በጀት ወሳኒ ስለ ዝኾነ ንቐፃሊ ክፍታሕ 'ዩ ኢሎም።

ስራሕቲ ኣካዳሚክ ንቐፃሊ ብፍላይ ኣብ ሪፎርም ምርምርን ስትራክቸርን ትኹረት ብምግባር ናብ ተግባር ክኣትው 'ዩ ምስ በሉ፤ድሕሪ ኽልተ ወርሒ ብመሰረት እቲ ሓዱሽ ሪፎርም ስራሕቲ ኣካዳሚክን ስትራክቸርን ክጅመሩ 'ዮም ኢሎም።

# ሓደ ሽሕን 700 ሰብ ሞያ ኤክቴንሽን ጥዕና ናብ ስሩዕ ስርሖም ከምተመለሱ ቢሮ ጥዕና ገሊፁ

**ኣብርሃ ሓጎስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ትግራይ ካብ ዝነበሩ ክልተ ሽሕን 500 ሰብ ሞያ ኤክቴንሽን ጥዕና 'ቶም ሓደ ሽሕን 700 ናብ ስሩዕ ስርሖም ክምለሱ ምግባሩ ቢሮ ጥዕና እቲ ክልል ገሊፁ፡፡

ኣብ ቢሮ ጥዕና ክልል ትግራይ መተሓባበሪ ጉጅለ ኤክቴንሽን ጥዕናን ግንዛበ ምፍጣር ጥዕናን ኣይተ ሚካኤለ ሓጎስ ከምዝገለፅዎ፤ ድሕሪ እቲ ዝተኻየደ ኹናት ኣብቲ ክልል ክልተ ሽሕን 500 ሰብሞያ ጥዕና ኤክቴንሽን ከምዝነበሩ ብምዝኽኻር፤ ሐዚ ግና 'ቶም ሓደ ሽሕን 700 ሰብሞያ ጥዕና ናብ ስሩዕ ስርሖም ንክምለሱ ምግባሮም ሓቢሮም፡፡

እቶም ናብ ስሩዕ ስርሖም ዝተመለሱ ሰብሞያ ኤክቴንሽን ጥዕና ዓቕሚ ስነ-ልቦናኦም ዘልዕልን ናብቲ ቀደም ዝነበርዎ ናይ ስራሕ መንፈስ ምምላስ ዘኽእል ስልጠና ተዋሂብዎም ክብሉ ኣረዲኦም፡፡

ከም ኣይተ ሚካኤለ ገለፃ፤ ቅድሚ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ምስ ሚኒስትር ጥዕና ብምትሕብባር ኣብቲ ክልል ዝተጓተቱ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ኤክስቴንሽን ጥዕና ንምጅማር ዘኽእል ናይ ኣሰልጠንቲ ስልጠና ተዋሂቡ 'ዩ፡፡

እቲ ስልጠና ንሰብ ሞያ ኤክስቴንሽን ጥዕና ተዋሂቡ እቲ ማሕበረሰብ 'ውን ንክፈልጦ ተገይሩ 'ዩ ዝበሉ 'ቶም መተሓባበሪ፤ ናብ ስራሕ ንምእታው ኣብ ምድላው ምዕራፍ ንርከብ ክብሉ ገሊፆም፡፡

ከም ኣይተ ሚካኤለ ገለፃ፤ ናይ እታወታትን ነቲ ፕሮግራም መንቀሳቀሲ ዝኸውን ሕፅረት በጀት፣ ካብ ታሕቲ ዝመፅኡ ሐበሬታታት ዘይምጥንኻርን ካልኦትን ክፍተታት እቲ ስራሕ ናብ ዝተደለየ ብርኪ ንምብፃሕ ዕንቅፋት ዝኾኑ ነገራት 'ዮም ፡፡

ኣቕርቦት እታወታት እንትመቻቸው ዝተፈላልዩ ፕሮግራማት ኤክስቴንሽን ጥዕና ኣብ ቀረባ እዋን ናብ ስራሕ ንምእታው ፃዕሪ እናተገበረ ከምዘሎ ተዛሪቦም።

እቶም ክፍተታት እንተተማሊኦም ስራሕቲ ኤክስቴንሽን ጥዕና ምምሕያሽ ይከኣል 'ዩ ዝበሉ ኣይተ ሚካኤለ፤ ነዚ 'ውን ካብ ቢሮ ጥዕና ዓብዪ ሓላፍነት ዘድሊ ብምዃኑ ምስቲ ሚኒስቴር ብዝበለፀ ተቀራሪብካ ምስራሕ ዘኽእል ፃዕሪ እናተገበረ ከምዘሎ ኣረዲኦም።

ኣብቲ ክልል ካብ ዝርከቡ ትካላት ጥዕና በቲ ኹናት ምኽንያት ልዐሊ 80 ብሚእቲ ዝኾኑ ዝተፈላለየ መጠን ዘለዎም ጉዳኣት ዝበፀሖም ምዃኖም ብምምልካት፤ ቅልጡፍ ሓገዝ ኣብ ዘድልየሎም ቦታታት ሰብ ሞያ ጥዕና ሓገዝ እናሃቡ ከምዝርከቡ ኣፍሊጦም፡፡

ኣብ ቤት ትምህርቲታትን ብበዝሒ ሰባት ኣብ ዝእተኣኻኸቡሎም ከባቢታት ብምኻድ ግልጋሎት ሕክምና እናቕረበ ከምዝሎ ዝገለፁ ኣይተ ሚካኤለ፤ ብሕፅረተ ምግቢ ንዝተጎድኡ ህፃናት ብምልላይ ሕክመና ናይ ምሃብ ስራሕቲ እናተሰርሐ ከምዘኾነ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ ኣብ ሕማም ዓሶ፣ ኮሌራን ካልኦት ተዛመቲ ሕማማት እናተሰርሐ ከምዘሎ ብምምልካት፤ እቶም ሕማማት ምምካት ብዘይመኽኣሉ ናብ ሰራሕቲ ስሩዕ ግለጋሎት ጥዕና ንምእታው ተወሳኺ ዓቕሚ ዝሓትት 'ዩ ክብሉ ኣረዲኦም።



# ስፖርት



## ብ16ሽሕ ተሳተፍቲ ዝደመቐ ጉያ ቀዳምነት ንደቂ ኣንስትዮ

**መሰረት ገብረዮሃንስ**

በቢዓመቱ ዝኽበር መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ (ማርች 8) ስዒቡ ብደቂ ኣንስትዮ ኢትዮጵያ ትፅቢት ካብ ዝግበረሎም ተሳትፎ እቲ ሓደ ዝኾነ ንደቂ ኣንስትዮ 5ኪሎ ሜትሮ ጉያ 'ዩ።ኣብ ኢትዮጵያ ብዙሓት ናይ ጉያ ውድድራት ብምድላው ዝፍለጥ ዓብይ ጉያ ኣብ ኢትዮጵያ ዓመታዊ መርሃግብሪ እቲ ሓደ ዝኾነ እዚ ጉያ ሎሚ ዓመት 'ውን ንመበል 21 ግዜ መልዓሊን መባፅሕን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣትላስ ኸባቢ ብምባግባር ዝሓለፈ ሰንበት ብድምቐት ተኻይዱ 'ዩ።

‹‹ዓቕሚ ደቂ ኣንስትዮ ንሓግዝ ፤ለውጢ ነፍጥን›› ዝብል መርሀ ሓሳብ ሒዙ ዝተኻየደ እዚ ውድድር ብዝተፈላለየ ብርኪ ዕድመ ዝርከቡ ፤ብትምህርቲ ደረጀኦን ፤ ብስረሐን ብካልኦት ዘፈራት ተኸፋፊለን ተሳቲፈን 'የን። ኣብ ዝተፈላለየ ዘፈር ስራሕ ተዋፊረን ውፅኢታዊ ብምኳን ንካልኦት ኣብነት ክኾኑ ዝኽእሉ ደቂ ኣንስትዮ 'ውን ኣካል ናይቲ ውድድር ኾይነን 'የን።ቅድሚ 21 ዓመት እዚ ውድድር እንትጀምመር 4ሽሕን 500 ጎየይቲ ጥራሕ ዘሳተፈ እንትኾን ተፎታውነቱ ከምኡ 'ውን ቁፅሪ ተሳተፍቲ እናዓበየ ብምምፅኡ ሎሚ ዓመት ብ16ሽሕ ተሳተፍቲ ክካየድ ኽኢሉ 'ዩ።

ኣብቲ ውድድር ዓብይ ቁፅሪ ዘለወን ጎየይቲ ጥዕና ፤ ኣትሌታት ፤ኣካል ጉድኣት ፤ብስራሕ ኾነ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብረአን ኣብ ኢትዮጵያ ዝገበራ ዜጋታታት ወፃኢ ዓዲ ተሳተፍቲ ኾይነን 'የን።ርክብ ኢትዮ-ኣየርላንድ 30 ዓመት ምቑፃሩ ስዒቡ ናብ ኢትዮጵያ ዝመፃ 35 ተሳተፍቲ ናይቲ ውድድር ድምቀት ነይረን።ፃውዒት ዝተገበረሎም ኣጋይሽ ተኻፈልቲ ኾይኖም 'ዮም።በዚ ድማ ካብ ስፖርት ዝርከብ ርክብ ካብ ምዕባይ ብዝሓለፈ ናይ ነፃነትን ደስታን ስምዒት ተንፀባሪቑም 'ዮም።

ቅድሚያ ንደቂ ኣንስትዮ ብኣምባሳደር እናገልገለት እትርከብ ኣትሌት መሰረት ደፋር 'ያ።መሰረት እዚ ውድድር እንትጅምር ብኣትሌትነት ተሳታፊት ዝነበረት እንትኾን እዚ ንቡዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ኣትሌታት ኣብነት ካብ ምዃን ንላዕሊ ኣብቲ ጉያ ተሳተፍቲ ዝኾኑ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ምንቅቃሕ ግደ ልዑል 'ዩ ።

ኣትሌት መሰረት እዚ ጉያ ተሳፍትን ከምኡ 'ውን ንዓኣ ከም ኣብነት ንዝሪኣኣ ኣትሌታት መልእኽቲ ኣሓላፉ 'ያ።‹‹21 ዓመት ማለት ጓል ኣንስተይቲ ብዙሓት ውሳነታት እትውስነሉ ከምኡ 'ውን ሕማቕ ካብ ፅቡቕ እትፈልየሉ 'ዩ።መናእሰይ ህይወትኽን ፅቡቕ መንገድ ምድሓዝ እትኽእላሉ 'ዩ።ጓል ኣንስተይቲ ምስራሕ ከምትኽእል እተርአየሉ ዕድመ ብምዃኑ ክትብርትዓን ክትጥንክራን ኣለክን ›› ክትብል መልእኽታ ኣመሓላሊፉ።

ኣብቲ ጉያ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ምስታፍ ብዝዘለለ ተተካእቲ ኣትሌታ ኣብ ምፍጣር ዓብይ ግደ እናተፃወተ ይርከብ።ኣብቲ ውድድር ቀዳማይቲ ብምዃን ውድድራ ዝሰዓረት ኣትሌት ጉተኒ ሻንቆ እንትትኾን ፤ ኣትሌት ብርነሽ ደሴን መቅደስ ሽመልስን ተኻታቲለን ብምእታው



**ተዓወቲመበል 21 ጉያ ንቀዳምነት ደቂ ኣንስትዮ**

ናይ ብሩርን ነሓስን ሜዳልያ ተሸለምቲ ኾይነን 'የን፡፡

ዓሚ ኣብ ዱባይ ኣብ ዝተኻየደ ማራቶን ጉያ መበል ካልኣይ ኾይና ውድድራ ዝዛዘመት ኣትሌት ጉተኒ እቲ ውድድር ብዝምልከት ኣብ ዝሃበቶ ሓሳብ ‹‹ ፅቡቕ ውድድር ነይሩ ናይ ስረሐይ ውፅኢት ረኺበ 'የ ኣብዚ ውድድር እንትካፈል እዚ ናይ መጀመርያይ እንተኾነ 'ውን ውፅኢት ንምምፃእ እናተዳለኹ ነይረ 'የ ።እዚ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጉያ ምድላዉ ንኹለን ደቂ ኣንስትዮ ጥቕሚ ዘለዎ እንተኾነ 'ውን ንኣትሌት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ተወሳኺ ዕድል ውድድር ዘርክብ ብምዃኑ ረብሕኡ ልዑል 'ዩ።ንደቂ ኣንስትዮ ዓብይ ሞራል ዝኾን ውድድር ስለዝኾነ ብስፍሓት ክቕፅል ይግባእ ›› ክትብል ገሊፃ 'ያ።

## ስራሕቲ ምልሳይ ንዕብየት ዘፈር ቱሪዝም

## መኣዲ ጥበብ

**ኣብርሃ ሃጎስ**

ሃገራት ቱሪዝም መሰረት ዝገበሩ ብዝሓት ዓለምልኽ ዓውደ ርዕይን ትርኢት ይዳለው 'ዮም። መስሕብ ቱሪዝም ዘለዎም ሃገራት በፃሕቲ ዓዲ ንምስሓብን ፅቡቅ ምስሊ ሃገሮምን ከባቢኦምን ንምህናፅን ኣብ ዓለምለኽ መድረኻት ብምስታፍ፤ ባህላዊ፣ ተፈጥሮዊ፣ ታሪካዊን ዝኣምሰሉ ፀጋታት ቱሪዝምን ዝገልፁ መፋለጢ ምድላዋት ብምግባር ተበፃሕነቶም ንምስፋሕ ንምልላይ ይፅዕሩ 'ዮም።

ብዓለም ብርኪ ብቱሪዝም ትርኢትን ዓውደ ርዕይን ካብ ዝፍለጡ ቀዳሞት ምድላዋት በቢዓመቱ ኣብ ወርሒ መጋቢት ንተኸታታሊ ሓሙሽተ መዓልትታት ዝካየድ (ITB) በርሊን "ናይ ዓለም ዓብዩ ኤክስፖ ቱሪዝም" ተፀራሒ 'ዩ። እዚ ዓለም ለኸ ዓውደ ርዕይ ከም ኣቆፃፅራ ፈርንጂ ብ1966 ነዚ ስሙ ሒዙ ካብ ሓሙሽተ ሃገራት ብዝተወፃፅኡ ትሽዓተ ተሳታፍቲ 'ዩ ተጀሚሩ። ክሳብ ኢ.ፈ. 2019 ብዝተመዝገበ መረዳእታ መሠረት በቢዓመቱ ኣብቲ ምድላው ናብ ክልተ ሚእቲ ሽሕ ዝበፅሑ ጎብነይቲ ይርከቡ 'ዮም።

ኣብዚ ዓውደ ርእይ ሚኒስትር ቱሪዝም ኣምባሳደር ናሲሴ ጫሊ ተረኺበን ኢትዮጵያ ብፍሉይ ድማ ኣብ ቀረባ እዋን ንዘፈር ቱሪዝም ትኩረት ብምሃብ እናተሰርሐ ዘሎ ምልማዕ ምስሕባት ቱሪዝም ኣፍሊጠን 'የን። ምስ ዝተፈላለዩ ዓለምለኽ ትካላት'ውን ንምስራሕ ዘኽእለን ዘተታት ምግባረን ስራሕ መፈፀሚ ርክብ ህዝቢ እቲ ሚኒስትር ዝኾኑ ኣይተ ኣለማየሁ ጌታቸው ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ሓበሬታ ሂቦም 'ዮም።

ፍሉጣት መድረኻት ቱሪዝም በቲ ኢንዱስትሪ ተመረፅቲን ሰሓብትን ካብ ምዃኖም ብተወሳኺ ብዙሓት ቱሪስታት ንምርካብን መስሕባት ቱሪዝም ንምልላይ ተመረፅቲ 'ዮም። ተፈለጥቲ ካብ ዝኾኑ ዓውደ ርእዮያት ውሽጢ ዓለም ልኽ ኤክስፖ ጉዞ ቫንኮቨር፣ ምርኢት ጉዞ ኒዮርክ ታይምስ፣ ናይ ላስ ቬጋስ ፎረም ወኪላት ዓለም ጉዕዞን ዕዳጋ ጉዕዞ ለንደን ይርከብዎ።

ኣይተ ጌትነት ይግዛው ከምዝገልፅዎ፤ ዓለምለኽ ቱሪዝም ኤክስፖታትን ዓውደ ርእያትን ልክዕ ከም ኣብ




ሃገርና ውሽጢ ዝካየዱ ባህላዊ ዕዳጋታት 'ዮም ዝመስሉ። እዞም ባህላዊ ዕዳጋ ዝምስሉ ተፈልጥቲ ናይ ንግዲ ትርኢታት፣ ኤክስፖታትን ዓውደ ርእያትን ኩሉ ዝምልከቶ ተሳታፊ ብምዃን ሃብቲ ቱሪዝምና፣ ባህላዊ ፀጋታትና፣ ታሪኻዊ ቦታታትናን መሰል ናይቲ ዘፈር ሃብትታት ንምፍላጥ ከምኡ 'ውን በፅሕቲ ዓዲ ብምስሓብ ባኬጃት ምሻጥ ንምኽኣል ልዑል ረብሓ ዘለዎም መድረኻት 'ዮም።

ኣይተ ጌትነት ከምዝበልዎ፤ ካብ ስልታት ዕዳጋ ኣብ ዓለም ኸ ኤክስፖን ዓውደ ርእይን ቱሪዝም ብተግባር ምፍላጥ 'ዩ። ንኢትዮጵያ ሓደሽቲ ቦታታት ቱሪዝም፣ ባሕላዊ ፀጋታት፣ ግልጋሎት ዘፈር ቱሪዝም፣ ካልኦትን ሃገራት ዓለምን ጎብነይትን ዘይፈልትዎ መስሕብ ቱሪዝማት ንምፍላጥ በሪ ዝኸፍት 'ዩ።

ኣብ ኢትዮጵያ ውሽጢ ልዕሊ 500 ትካላት መጎብነይቲ፣ ልዕሊ 700 ሆቴላት ከምኡ'ውን ብዙሓት ሰብ ዋና ኣቅረብቲ ምርኢት ቱሪዝም ከምዘለው ብምግላፅ፤ እዞም መዳርግቲ ኣካላት ብወገኖም ናይ ባዕሎም ተፅዕኖ ከዕርፉሉ ዝኽእሉ ውዳበታት ምፍጣር ከምዝፅብየኦም ይዛረቡ። ብፍላይ ብኮቪድን ብዝተፈላለዩ ሰብ ስራሕ ጎንፅታት ዝተዳኸሙ ምንቅስቃስ ናይ ውልቀ ዘፈር ምድጋፍን ምንቅቃሕን ከምዘድሊ የተሓሳስቡ። እዚ እንትኸውን ሃፍቲ ሃገርና ምፍላጥን ፍሰት ቱሪስት ካብ እዋን ናብ እዋን ብምዕባይ ለውጢ ምምፃእ ከምዝክኣል ይገልፁ።

ካብ ምፍላጥ ቱሪዝም ከይወፃእና ብተመሳሳሊ ሓላፊ ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ዝኾኑ ኣፅብሃ ገብረእግዚኣብሄር ( ዶ/ር) ቱሪዝም ዘለዎ ረብሓታት ብምዝኽኻር ቱሪዝም ትግራይ ኣብ ምፍላጥ ኩሉ ግድኡ ክዋፅእ ከምዝስዕብ ፃውዒቶም የቅርቡ ፡፡ ብሰንኪ ክልተ ተኸታተልቲ ዓለም ዘደንገፁ ዓበይቲ ፈተናታት (ለበዳ ኮሮናን ኩናትን) ካብ ዕዳጋ ዓለም ተኣልዩ ዝፀንሐ ቱሪዝም ትግራይ ኣብ ዝሓፀረ ግዘ ናብ ዕዳጋ ዓለም ክምለስ ምግባር ሓደ ዓብዩ ታሪኻዊ ስራሕ ኮይኑ ፤ ትግራይ ካብ ዓለምለኸ ዕዳጋ ቱሪዝም ዝግበኣ ብፅሒት ክትረክብ ንምስራሕ ዝሓቶ መጠን በጀት ኣብ ካዝና መንግስቲ የለን። ይኹን 'ምበር ንዳግም ህንፀት ዝተበላሸወ ምስልናን ምምላስ እምነትን ድልየትን ኣጋይሽን ዝጠልቦ መጠን ፃዕሪ 'ውን ናይ ማንም ትኹረት ኣይኮነን። ብዘይ ዝግባእ ኢንቨስትመንት ምልላይን ፅገና ዝዓነዩ ሓድግታትን ጋሻ ምእንተ ኣመሉ ዝመፅካ ጌርካ ምሕሳብ ክትቅበሎ ዘይትኽእል ድኽመት 'ዩ።

ብሰንኪ ሕፅረት ካፒታል በጀትን ትሑት ትኹረት ቱሪዝምን ክንስኣና ዝግባእ ዕድል ስጉሚ ሕውየትን ዕብየትን ቱሪዝም ትግራይ ክህሉ የብሉን። ግዜ 'ውን ከነባኽን የብልናን። ስለዚ ኩልኹም ቤተሰብ ቱሪዝም ትግራይ (ሰብ ሞያ ቱሪዝም ጥራሕ ንምባል ኣይኮነን) ኩሎም ፀጋታት ቱሪዝም ትግራይ መዓልታዊ ብሓባር ብምልላይ ድልየት ሃወፅቲ ውሽጢ ዓድን ወፃእን ንምዕባይን ትግራይ ናይ ምህዋፅ ሽውሃቶም ንምውሳኽን ሓግዙታ። እዚ ሓገዝኩም/ክን ንህዝቢ፣ መንግስትን ዓድናን ዘለዎ ኣበርክቶ መተካእታ የብሉን። ነንሕድሕድና 20 መሓዙት ብምዕዳም ንሳቶም 'ውን ዒስራ ዒስራ ክዕድሙ ብምግባር ኩላትና እንርብሐሉ ቱሪዝም ትግራይ ክህሉ ንተሓጋገዝ ክብሉ ፃዊዒት ብምግብር ንኣገዳስነት ምልላይ ቱሪዝም ኣስሚሮምሉ 'ዮም።

ብሓፈሻ ኣዲስ ኣበባ ልዕሊ 200 ዝኾኑ ትካላት ዲፕሎማት ዘለውዋን መዲና ኣፍሪካ እንትኾነት'ውን፤ ዓበይቲ ደረጅኡ ዝሓለወ መድረኻትን ማእኸል ኮንቬንሽን ክሳብ ሐዚ ብዝድለይ ልክዕ ምህናፅ ኣይኽኣለትን። እዚ ብድሆ ንምፍታሕ ድማ ልክዕ ከም ኣይ. ቲ.ቢ. በርሊን ከምኡ 'ውን ካልኦት ዓበይቲ ቀወምቲ ምርኢት ቱሪዝምን ንግድን ምድላው ከምዘድሊ ይግለፅ። እዚ ምግባር እንትክኣልን ካብኡ ብተወሳኺ ኩሎም ድማ መዳርግቲ ኣካላትን ብሓባር ብምስራሕ ሃብቲ ቱሪዝም ኢትዮጵያ ብውሽጢ ሃገር ኾነ ብወፃኢ ሃገራት ብዝድለይ ልክዕ ምፍላጥ ይክኣል።